
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.238 ዓርቢ 5 ሰነ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2ናቕፋ

ገጽ 2
ሕማም ኢቦላ



ገጽ 3




ዘተ ሰላም ኣመሪካን ኢራንን ኣንፈቱ ናበይ'ዩ፧

ገጽ 5
ወራርቀይሕኮኾብንታኼላ ቀይሕ መስመርን

ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 10
ምቅያር ኩነታት ኣተሓሳስባ



## መበል 13 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ ተኻዪዱ





ሰእሊ. ሮቤል መረስዕ

መበል 13 ዓመታዊ ፈስቲቫል ኮለጅ ስነ-ፍልጠት ማይ-ነፍሒ፡ ብ3 ሰነ ተኻዪዱ።

እቲ ፈስቲቫል፡ ብመልክዕ ውድድር ዝቐረበ - ኣብ ባህሊ፡ ኣካዳሚ፡ ታሪኽን ስፖርትን ዘዘኩረ ማሳናድኢታት፡ ከምኡ'ውን ሰሚናር፡ ምርኢት ቅዲ ኣልባሳት፡ ውድድር መደረን ትንተናን፡ ምህሮን ሰንዓን፡ ቅብኣን ስነ-ፍልጠታዊ ምርኢትን ዘጠቓለለ'ዩ ነይሩ።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ፕሮፌሰር ገብራይ ኣስገዶም ኣብ ዘሰማዕዎ ቃል፡ እቲ ኢጋጣሚ መዘዞሚ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ተመሃሮን ኣባላትን ንጥፈት መመላእታ ክካየድ ዝጸንሐ ውድድራት ከምዝዛዘመ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ኣብ ተሳታፍነትን ተወዳዳርነትን ዝርኣይዎ ተገዳስነት መጐሱ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ኮለጅ መንእሰይ ሮሞዳን መሓመድኑር ብወገኑ፡ ፈስቲቫል ኮለጃት - ፍልጠትን ደስፕሊንን ዝዓጠቑ፡ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰቡ ዝፈልጥን ዝዕቅብን፡ ከምኡ'ውን መሪሕ ግደ ዝጻወት ንቑሓትን ብቑዓትን መንእሰይ ንምህናጽ ዝዓለመ ምዃኑ ሓቢሩ።

ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ወ/ሮ መንሱራ እስማዒል ድማ፡ ማሕበር ምስ ኮለጃት ብምውህሃድ ዘውድቦ ፈስቲቫል፡ ተመሃሮ በበዓውዶም ንዘቐሰምዎ ፍልጠት ዘንጸባርቕ ምርኢት ዘቕርቡሉ፣ ሓድነቶም ብምድልዳል ድማ ምስ ሃገሮምን ሕብረተሰቦምን ዘለዎም ዝምድና ዘሐይሉሉ ከምዝኾነ ገሊጻ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብውልቅን ብጕጅለን ንዝተዓወቱ ሽልማት ኣብ ዝተዓደለሉ ስነ-ስርዓት፡ ተመሃሮ ቀዳማይ ዓመት ጉብለል ብምዃን ተሸሊሞም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኈ-ኈ'ቲ ፈስቲቫል፡ "ስነ-ፍልጠት ንሓድነትን ንስጕምን" ብዝብል ቴማ፡ መዓልቲ ስነ-ፍልጠት ንመበል 5ይ ግዜኣ ተዘኪሩ።

## ኤርትራውያን ተቐማጦ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን በዓል ናጽነት ጸንቢሎም

ኣብ ኣውስትራልያ - ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማታት መልበርን፡ ሲድኒ፡ ፐርዝ፡ ብሪዝበን፡ ኣደላይድ፡ ሆባርትን ሎንሰስትንን፡ ነበርቲ ዝተፈላለያ ከተማታት ኒውዚላንድ ድማ ብሓባር ኣብ ከተማ ወሊንግተን፡ መበል 35 ዓመት በዓል ናጽነት "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ጸንቢሎም።

ኣብ ከተማ መልበርን ኣብ ዝተኻየደ ብርኽት ዝበሉ ዜጋታትን ዕድመ ዝተገበረሎም ኢጋይሸን ዝተሳተፍዎ ጽንብል፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ኣውስትራልያ ኣቶ እንድርያስ ኣብርሃም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናጽነት ኤርትራ ፍረ ጽንዓትን መስዋእትነትን ስለዝኾነ ዓመት መጸ ብዓቢ ሓበን ከምዝጽንበል ብምጥቃስ፡ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ኣብ ዝነበሮ ዝኾነ ዕድል ሕድሪ ሰማእታቱ ከኽብር ከምዝግባእ ኣገንዚቡ።

ኣቶ እንድርያስ ኣሰዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት'ውን እንተኾነ ንኹሉ ዘጋጠሞ ተጻብኦታት ብጽንዓት መኪቱ ዓበይቲ መደባት ልምዓት ከምዝሰላሰለ ብምጥቃስ፡ "ምስጢር ህላወናን ዓወትናን ጽንዓትናን ሓድነትናን ስለዝኾነ፡ እዚ ክብሪታት'ዚ ናብ ወለዶታት ንኸሰርጽ፡ ማሕበረሰባትን ስድራቤታትን ብዕቱብ ክሰርሑ" ተላቢዩ።

ኣቦመንበር ማሕበረሰብ ቪክቶርያ ኣቶ ኪዳነ ግንቦት ብወገኑ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን "የሓና" ድሕሪ ምባል፡ እቲ ጽንብል ንኽዕወት ኣበርኪቶ ንዘበርከቱ ኣመስጊኑ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ወከልቲ ኣብ መጻረዪ ግጥም ዋንጫ ኣፍሪቃ ተሳቲፍም ዓወት ዝመዝገቡ ተጻወትቲ ናይ ምስጋና ወረቐት ክዕደል ከሎ፡ ኑቲ ጽንብል ንምድማቕ ዝተዳለወ ስነ-ጥበባዊ ማሳናድኢታት ቀሪቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ጥንዴራ ኤርትራ ብ24 ግንቦት ኣብ ሕምብርቲ ከተማ መልበርን ኣብ ዝርከብ 'ፌደረሽን ስኴር' ተሰቒላ ክትንበልበል ወዒላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጠቕላሊ ቈንስል ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያ ኣቶ እንድርያስ ኣብርሃምን ቀዳማይ ጸሓፊ ኣቶ ያሲን ዑመርን ህዝባዊ ሰሚናር ከምዝተዋፈዩ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ኣብ ጀርመን - ከተማታት ካርልስሩሁ፡ በሌፈልድ፡ ጊሰን፡ ዳርምሽታትን ካልኦትን፡ በዓል ናጽነት ብድምቀት ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ብሃገራዊ ሽማግለ ከተማታት ዝተዳለወ ስነ-ስርዓት፡ መልእኽቲ የሓና ሃገራዊ ሽማግለ ጀርመን ቀሪቡ።

መበል 35 ዓመት ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ሃገረ ጀርመን ኣብ ልዕሊ 30 ከተማታት'ዩ ተጸንቢሉ።







# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ሕማም ኢቦላ

### ኣገደስቲ ነጥብታት

•ኢቦላ ኣገዳሲ ጽኑዕን ሞት ዘስዕብን ዘየላቡ ሕማም እዩ።

• ሕማም ኢቦላ ሞት ከስዕብ ዘለዎ ተኽእሎ ከባቢ 50 ሚእታዊት ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ዝተራእየ ምልባዕ ናይ'ቲ ሕማም፡ ዘውረዶ ተኽእሎታት ሞት ካብ 25 ክሳብ 90 ሚእታዊት ይፈላለ ነይሩ።

• ግዳያት፡ ቅልጡፍ ዝኾነ ጽኑዕ ሕክምናዊ ሓገዝን ከም ኑቡስ ምጥላል ዝኣመሰለ ኣካላዊ ክንክንን ምስ ዝረኽቡ ብህይወት ክተርፉ ዘሎ ተኽእሎ ዝሓሸ እዩ።

• ዛጊት ተረኺቡ ዘሎ ክታበት ናይቲ ሕማም ንሓደ ጅር ናይቲ ቫይረስ፡ ማለት ኢቦላ ቫይረስ ንምክልኻል ዘገልግል ኮይኑ፡ ኑቶም ቡቦግዚኡ ዝረኣዩ ዓይነት ናይቲ ቫይረስ ንምክልኻል ዘኽእል ክታበት ንምፍጣር ሓያል ሳይንሳዊ ምርምር ኣብ ምኪያድ ይርከቡ።

• ሕማም ኢቦላ፡ 'ኦርቶኢቦላቫይረስ' Orthoebolavirus ካብ ዝተባህለ ዘርኢ ቫይረስ ዝመጽእ ሕማም እዩ። ክሳብ ሕጂ ብዝተኻየደ ሳይንሳዊ ምርምር ሽዱሽተ ዓሌት ናይዚ ቫይረስ እዚኦም ጥራይ እዮም ተለልዮም ዘለዉ። ሰለስተ ካብዚኦም ቅልጡፍ ምልባዕ ናይቲ ሕማም ብምፍጣር ከቢድ ጥዕናዊ ጉድኣት ዘስዕቡ እዮም - ኢቦላ ቫይረስ (Ebola virus)፡ ሱዳን ቫይረስ (Sudan virus) ከምኡ'ውን ቡንዲብዮጀ ቫይረስ (Bundibugyo virus)። (ምንጪ፦ WHO)

### ሕማም ኢቦላ እንታይ እዩ፧

ሕማም ኢቦላ ንፈለማ እዋን ኣብ 1976 እዩ ተጋሂዱ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ክልተ ሃገራት ኣፍሪቃ እዩ ተራእዩ። እቲ ሓደ ምልባዕ ናይቲ ሕማም ብ'ሱዳን ቫይረስ' ዝሰዓበ ኮይኑ፡ ኣብ 'ናዛራ' (Nzara) ኣብ ዝተባህለ ከባቢ ናይ ሎሚ ደቡብ ሱዳን ተኸሲቱ። እቲ ካልኣይ፡ ብኢቦላ ቫይረስ ዝሰዓበ፡ ኣብ 'ያምቡኩ' (Yambuku) - ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዝተራእየ እዩ። እቲ ሕማም ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ኣብ ከባቢ ፈለግ 'ኢቦላ' ዝተራእየ ብምንባሩ፡ እቲ ቫይረስ 'ኢቦላ' ዝብል ስም ጠቢቑዎ። በዚ ስም'ዚ ድማ እቲ ሕማም 'ኢቦላ' ተባሂሉ ይጽዋዕ ኣሎ።

እዋናዊ ኩነታት ሕማም ኢቦላ

ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን ኡጋንዳን ብጅር 'ቫይረስ ቡንዲቡግዮ' ዝሰዓበ ብሉብዒ ሕማም ኢቦላ ከምእተጠቕዓ ብ15 ግንቦት 2026 ምእዋጀን ዝፍለጥ'ዩ። ክሳብ 2 ሰነ ዝወጸ ሓበሬታ ውድብ ጥዕና ዓለም ከምዝሕብሮ፡ ብሰንኪ'ዚ ሓድሽ ለብዒ፡ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ 344 ዝተረጋገጹ ሕሙማት ክህልዉ እንከለዉ፡ 60 ሞይቶም፡ 6 ድማ ሓውዮም ተፋንዮም።

ኣብ ኡጋንዳ፡ 15 ዝተረጋገጹ ሕሙማት ክህልዉ እንከለዉ፡ ሓደ ግዳይ ሞት ኮይኑ፡ ክልተ ድማ ሓውዮም ተፋንዮም።

ኣብ 2007 ከምኡ'ውን 2012 እውን ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን ኡጋንዳን ብ'ቫይረስ ቡንዲቡግዮ' ዝሰዓበ ሕማም ኢቦላ ተጠቒዐን ነይረን እየን።

### መተሓላለፊ መንገዲ

'ፕተሮፖዲዳይ' ዝተባህላ ፍረታት ዝምገባ ገዚፍ ኣካል ዘለወን ዒሌት መንካዕ 'ኦርቶኢቦላቫይረስ' ቫይረስ ናይ ምዕቋብ ብቕዓት ከም ዘለወን እዩ ዝእመን። ሓደ ሰብ - ኣካል፡ ፈሳሲ ወይ ደም ከምኡ'ውን ካልእ ፈሳሲ ናይ ዝተለኽፈ እንስሳ (ከም መንካዕ፡ ህበይ ወዘተ) ምስ ዝትንከፍ፡ ግዳይ ናይቲ ሕማም ክኸውን ይኽእል።

እቲ ሕማም ብደምን ካልእ ፈሳስን ካብ ዝተለኽፈ ሰብ ናብ ጥዑይ ሰብ ክመሓላለፍ ይኽእል። ግዳያት ሕማም ኢቦላ፡ ዝተንከፍዎ ወይ ዝተጠቕምሉ መሳርሒ ብምጥቃም'ውን እቲ ሕማም ክመሓለልፍ ይኽእል እዩ።

• ደም
• ቀልቀል/ ውጹኣት፡
• ጸባ ጡብ ኣደ፡
• ምራቕ፡
• ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ፡
• ረሃጽ፡
• ሽንቲ፡

• ተምላስ ኩሎም እዞም ፈሳሳት፡ ኢቦላ ቫይረስ ክሰከሙ ስለ ዝኽእሉ ከም ቀንዲ መተሓላለፍቲ ኮይኖም ይጥቀሱ።

እቲ ቫይረስ ብመንገዲ ዓይኒ፡ ኣፍንጫ፡ ኣፍ፡ ዝተጨንደሐ ቆርበት ከምኡ'ውን ብጾታዊ ርክብ ካብን ናብን ሰብ ክመሓላለፍ ይኽእል።

• ቡቲ ቫይረስ ንዘተበከለ ኣቕሓ ምቅላዕ፥

• ምስ ዝተለኽፈ እንስሳ ጥቡቕ ምቅርራብ ምኪያድ፡

• ቡቲ ሕማም ንዝሞተ ሰብ ኣብ ዝቶየድ ስነ ስርዓት ቀብሪ ምስታፍ፡

• ለብዒ ናይቲ ሕማም ናብ ዘለዎ ከባቢ ምጋሽ፡ ግዳይ ናይቲ ሕማም ክትከውን ዘለካ ተኽእሎ ዝለዓለ ይገብሮ።

### ምልክታት ሕማም ኢቦላ

ኢቦላ ዘስዕብ ቫይረስ ሓንሳብ ኣብ ሰብነትና ምስ ኣተወ ምልክታት ክሰርሒ ዝወስደሉ ግዜ ካብ 2 ክሳብ 21 መዓልታት እዩ። እዚ ናይ ሕቕፎ ግዜ (incubation period) እቲ ቫይረስ ተባሂሉ ይግለጽ። ምሕር ድኻም ናይቲ ሕማም ብቐዳምነት ዘርእዮ ልሙድ ምልክታት እዩ። ብተወሳኺ፦

• ውጹኣት፡
• ምሕር ረስኒ፡
• ከቢድ ቃንዛ ርእሲ፡
• ቃንዛ ጭዋዳ፡
• ቃንዛ ከስዐ፡
• ዘይልሙድ መድመይትን ቁስልን፡
• ተምላስ ወዘተ ሕማም ኢቦላ ካብ ዘርእዮም ምልክታት እዮም።

ሕማም ኢቦላ ኣብቲ ፈለማ ዘርእዮ ምልክታት ምስ ኢንፍልወንዛ፡ ዓሶ፡ ከምኡ'ውን ሕማም ተፎ ስለ ዝመሳሰል ሕክምናዊ መርመራ ብምኪያድ ጥራይ እዩ ዚያዳ ክልለ ዝኽእል።

ሕማም ኢቦላ ዘፈጥሮ ሓልክታት

ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣላትና፡ ንቫይረስ ኢቦላ ንምጥቃዕ ዝተፈላለየ ግብረ መልሲ እዩ ዘኪይድ። ገለ ሰባት፡ እቲ ሕማም ኣብ ሰብነቶም ዝኾነ ሓልኪ ከይፈጠረ ክሓውዩ እንከለዉ።

ኣብ ገለ ሰባት ድማ ንነዊሕ እዋን ዝኸይድ ጽልዋ ኣብ ኣካላቶም ይፈጥር እዩ።

• ጸገም ኣብ መላግቡ፡
• ምርጋፍ ጸጉሪ ርእሲ፡
• ረኽሲ ጸላም ኩቡዲን ካልኦት ኣካላትን፡
• ምህትፍታፍ፡
• ምቅይያር ህዋሳዊ ስምዒት ወዘተ።

እዞም ሓልክታት ንዝተወሰኑ ሳምንታት ወይ ኣዋርሕ ዝጸንሑ ክኾኑ እንከለዉ፡ ኣብ ገለ ኩነት እቲ ሕማም ናብ ሞት ዘብጽሑ ጥዕናዊ ሓልክታት እዩ ዘስዕብ።

• ፍጹም ዕንወት ኣብ ዝተፈላለዩ ውሽጣዊ ኣካላት፡

• ዕውለት፡
• ሃለፍታ፡
• ከቢድ ምፍሳስ ደም።

ምክልኻልን ቅድመ ጥንቃቐታትን

ሕማም ኢቦላ ንምክልኻል ኣቓዲምና ክንገብሮም ዝግበኣና ጥንቃቐታት ብዙሓት እዮም።

ደምን ካልኦት ፈሳሳት ሰብነትን ናይ ካልእ ሰብ ዝኣመሰሉ ነገራት ካብ ምትንኻፍ ምቑጣብ።

• ግቡእ ኣካላዊ ጽሬት ብፍላይ ድማ ኣእዳው ምኪያድ። ኣእዳውና ብማይን ሳሙናን ወይ ካልእ መጽረዩ ከሚካላት ተጠቒምና ደጋጊምና ክንሕጽብ ይግባእ።


• ብሕማም ኢቦላ ግዳይ ሞት ናይ ዝኾነ ስነ ስርዓት ቀብሪ ኣብ ምስታፍ ምሕራም።

• ተኪይዶ ንጥፈታት ምስ እንስሳታትን በረኻታትን ዝዛመድ ምስ ዝኸውን፡ ንርእሲ፡ ኣእዳውን ኣእጋርን ከይተረፈ ዝሽፍን መከላኸሊ በጃ ክዳን ምልባስ፡


• ግዳይ ኢቦላ ዝኾነ ሰብ ዝተጠቕመሉ መሳርሒ - ከም ክዳን፡ ኮቦርታ፡ መርፍእ ወዘተ ካብ ምጥቃም ምቑጣብ፡

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሕማም ኢቦላ ናብ ሃገርና ክኣቱ ዘሎ ተኽእሎ ኣገዳሲ ትሑት'ኳ እንተኾነ፡ ንዝኾነ እንተታት ግና ኣድላዪ ምክትታል ይገብር ከምዘሎ ሓቢሩ። እዚ ኣብ ዲሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎን ኡጋንዳን ተኸሲቱ ዘሎ ብ'ቫይረስ ቡንዲቡግዮ' ዝስዕብ ዘሎ ሕማም ኢቦላ ንምክልኻል፡ ሃገራዊ ሓይሊ ዕማም ቈይሙ ኣብ ቀጻሊ ምክትታል ይርከብ።

እቲ ሓይሊ ዕማም ኑቲ ሕማም ንምክትታል ኣብ ዘሰላስሎ ንጥፈታት፡ ብመዓርፎ ነፈርቲ ኣብ ዝኣትዉ ተጎዓዝቲ ዘድሊ መመርመሪ መሳርሒ ብምውዳድ ኩነታቶም ምክትታል፣ ብዛዕባ'ቲ ሕማም ኩሉን ዞባታትን ኣብኡ ዝርከባ ሆስፒታላትን ዘድሊ ሓበሬታ ተዋሂቡ ስለ ዘሎ፡ ግቡእ ዳህሳስ ክኪይዳ ምግባር፣ ካብ ኤርትራ ዝወጹ ጊያሾ እቲ ሕማም ተላቢዑሉ ናብ ዘሎ ከባቢ ከይገሹ ምዝኽኻር፣ ዛጊት ዝተረኽበ'ኳ እንተዘየሎ፡ ቡቲ ቫይረስ ከምእተለኽፉ ንዝጥርጠሩ መወሸቢ ምውዳድ፣ ኑቲ ግዳይ ንምምርማር ዝሕግዝ ፍሉይ ናይ ላቦራቶሪ ክፍሊ ምድላውን ዝኣመሰሉ ንጥፈታት የሰላስል ኣሎ።








## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ዘተ ሰላም ኣመሪካን ኢራንን ኣንፈቱ ናበይ'ዩ፧



ከምዚ ኽታተሎ ዘለና ኣመሪካን ኢራንን ንዅናት ምቁራጽ ተጻቢኦ ኣብ ስምምዕ ክበጽሓ ተቓሪበን ኣለዋ ኣብ ዝበሃለሉ ዘሎ እዋን፡ ነቲ ክንድዚ ናብ ሓድሽ ዙርያ ጭቅጭቅ ይኣትዋ ኣለዋ። ክልቲአን ሃገራት ኻብ ዝሓለፈ ሰሙን ጀሚረን ብፍቕሪ ርእሰን ንዚህቦ ዝዕጹ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ'ኳ ክዝመን እንተ ኸሎ ኣመሪካ ግን ኑ ስምምዕ ብምጥሓስ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ጥቓ መጻብቦ ሆርሙዝ ንዘርከቡ ወተሃደራዊ ዓላማ ኢራን ክትድብድብ ተዓዚብና። ኢራን ድማ ከም መልሲ ግብሪ ናይቲ መጥቃዕቲ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኩዌት ብርክት ዝበሉ ናይ ድሮን መጥቃዕትታት ኣካይዳ። ብመጥቃዕቲ ኢራን ኣብዚ ዝተቐጥዐት ኣመሪካ፡ ድሒሩ እውን ኣብ ዝተፈላለየ ትሕቲ ቅርጽታት ኢራን መጥቃዕትታት ክትፍጽም እያ ተሪኣ። እዚ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ሃገራት ነቲ ብሓድሽ ክውላዕ ንርእዮ ዘለና ኩናት፡ ንዓለም ኣቐዲሉዎ እዩ ዝርከብ ዘሎ። ብድረኽ ዓለም፡ ኣብ ቀጠባ ይኹን ኣብ ካልእ መዳያት ብኩናት ኢራን ዝተጸልወት ሃገር ድሮ የላን። ኢራን ንመጻቦ ሆርሙዝ ምዕጻዋ ብሓደ ዙር ንሓያሎ ሃገራት ዓለም ጸልዩወን እዩ። በዚ እዩ ከኣ እቲ ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን ክዕጸ ይኽእል እዩ ዝተባህለ ስምምዕ ሰላም፡ ኣብ ዝሓደረ ግዜ መፈጸምታ ክግበረሉ ብመንግስታት ሰብ ዓለም ሓያል ድፍኢት ክግበረሉ ጸኒሑ።




ኢራንን ኣመሪካን ዘተ ሰላም ኣብ ዘካይዳሉ ዝነበራ እዋን፡ ብወገን ኣመሪካ ዝተወሰደ ናይ መጥቃዕቲ ስጉምቲ ንዘተ ምቁራጽ ከኣ ኣገዲዱ እዩ። ኣብ መንጎ ዝርርብ ሰላም መጥቃዕቲ እንተ ደኣ ተካይዱ ሂኒኙ፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ዘይምትእምማን ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ኑ ስምምዕ ኸኢ ጉዳዩ ኸካልኦይ ግዜ ናብ ኩናት ክምለስ ጸገም ከም ዘይብሉ እዩ ዘርእየና። ብዋሕዲ ወገን ድማ እቲ ሃንደበት ብኣመሪካ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ንኢራን ንምፍራሕ ዝዕለመ ክኸውን ይኽእል እዩ። ከም ዝበሃል ኣብቲ ፈለማ ኣመሪካን ኢራንን ተጻቢኦ ንምቁራጽ ኣብ ስምምዕ ክበጽሓ እንከለዋ ገለ መራሕቲ ኢራን ዝተሓረሙ ኣገዳሲ ነጥብታት ነይሩ እዩ። ንሱ ከኣ ኣመሪካ ኣብቲ ክበጽሓ ዝከኣል ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ተኣማንነት ከም ዘይብለ ገሊጾም እዮም ነይሮም። መራሕቲ ኢራን ኣመሪካ ኑ ዝዕጹ ግዚያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንጎንጎ ምድኻው ወይ'ውን ምድልዳል ሰራዊታ ክትጥቀመሉ ትኽእል እያ ኢሎም ዝገመቱ ነይሮም። ኣመሪካ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ልዕሊ ኢራን እልቢ ዘይብሉ መጥቃዕትታት ከካይድ እንከላ ብቑጠባ ኣብዚ ከም እተዳኸመት እዩ ዝንገር። ኣብታ ቀዳመይቲ ሰሙን ናይቲ ኩናት፡ ኣመሪካ ብዝምጋም ኣሰታት 11.3 ቢልዮን ዶላር ዝኾነት ወተሃደራዊ ወጻኢታት እያ ኣፍሲና - ብመሰረት ጸብጻብ በት ጽሕፈት ፔንታጎን። እዚ ከኣ ኣብቲ ኩናት ክይተጎውተት ክትወጽእ ፈጺሙ ዘይውሓለ ዝኸበረ ቀንዲ ነጥቢ እዩ። ኣመሪካ እዚ ኩሉ ብቢልዮናት ዝቑጸር ዶላር ኣፍሲና ከተብቅዕ ንኢራን ኣብ ሓጺር እዋን ክትስዕራን ክተምበርክኻን እዩ ነይሩ ድሌታ። እንተኾነ ኢራን ካብ ትጽበዮ ወጻኢ ብርክት ምክልኻል ኣብዚ ደንፊዓን ሓያላን እያ ጸኒሓ። በዚ ኩሉ ሕልማ ከይሰመረ ከበድ ቁጠባዊ ክሳራ ኣጋጢሙዋ ብግዚያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንዝተወሰኑ እዋናት ኣብ ልዕሊ ኢራን መጥቃዕቲ ከምዳየት ጸኒሓ።

ብኻልእ ወገኑ ኣመሪካ ኑ ኩናት ክትዕወተሉ ስለ ዘይክኣለት፡ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ገድራ ከተንጓሕብ ደሊት ክህልዋ ይኽእል እዩ - ብመሰረት ዝተፈላለዩ ጸብጻባት። ደኺንንምባር ካብቲ ብዙሕ ዝተጃህረሉ ኩናት ባዕላ ኣንሳሒባ ተዛሊ ክብራን ተቐባልነታን ክትድሕ ከአ ኣይተደለየን እያ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንክሎ ከሎ ኑ ግዚያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ከም ሓደ መገዲ ባይታ ተጠቒምትሉ ክትክውን ትኽእል እያ። ኣመሪካ ካብቲ ኢጋጠምዋ ዝበረ ከበድ ቁጠባዊ ክሳራ፡ ከም እንደገና ንኢራን ብሸመይ ኣገባብ ክተጥቅዓን ክተዳኽምን ከም እተኽእል ወይ'ውን ከም ብሓድሽ ወተሃደራዊ ቀመናኣ ኣመዓርርያ ኑ ኩናት ብሸመይ ኣገባብ ክትቀጽሎ ከም እተኽእል ንምድላው ክትብሉ እዩ እምበ ግዚያዊ ምቁራጽ ተኹሲ ተሰማሚዓትሉ ክትክውን ትኽእል እያ - ብመሰረት ተንተንቲ ፖለቲካ።

ካብዚ ብሓውሪኡ ክንርድኦ ዘለና ነገር እንተ ደኣ ሃልዩ ህላወ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኩዩብቱ ኢራንን ኣመሪካን ኣብ ሓደ ዘዐቕቦ ዘለዎ ኣተኣማማኒ ስምምዕ ሰላም ክበጽሓ ኣይክኣላን እየን። ምኽንያቱ ኣብ ሕጂ ዘሎ ግዜ ወተሃደራዊ ምፍጣጥ ኣመሪካ ኢራንን ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኹናት እምበር ንሰላም ዝሕግዝ ኣይመስለን እዩ። ኢራናውያን ዝያ ቀጻሪ ዘለዎ ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ዙርያኦም ዓራዱ እንከለዉ ኑ ተጻቢኦ ደው ኣቢልካ ኣብ ኣባ ስምምዕ ሰላም ክበጽሑ ይኽእል እዩ ወይ'ውን ኣመሪካ ድሕሪ ደገም ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ክትከፍት ኣይትኽእልን እያ ኢሎም ፈጺሞም ኣይኣምኑን እዮም። ካብ ፈለማኡ'ውን ኣመሪካ ኣብቲ ዝግእምኣ ግዜ ኣብ ልዕሊ ሃገሮም መጥቃዕቲ ክትከፍት ትኽእል እያ ዝብል ሓሳብ ሒዞም እዮም ኑ ግዚያዊ ምቁራጽ ተኹሲ ተሰማሚዖሞ።

ብኻልእ ወገኑ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ዘካየዶ ስምምዕ ሰላም ክበጽሓ ተቓሪበ እዩ እናተባህለ ኣብ ዝዘረበሉ ዘሎ እዋን ኑ ኣቐዲሙ ዝተዳለወ ንድፊ ናይቲ መዕርፊ ንጥብታት ክኸልሶ እዩ ዝርአ ዘሎ። እዚ ብፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ቀሪቡ ዘሎ ሓድሽ እማመ ኑ ክጸረፍ ተቓሪቡ ክበሃለሉ ዝጸንሐ እማመ ስምምዕ ዝዕንቅፍ ወይ ንድሕሪት ዝምልስ ከይኑ ተረኺቡ ኣሎ። እዚ ትሕዝቶኡ ኣብ ፀወጊ ዝተገለጸ ዘሎ ሓድሽ እማመ፡ ኣብቲ ክዝረበሉ ዝጸንሐ ነገር እማመ ሰላም ክቃዋም ዝክእሉ ጫ'ዘሰ ኸኸወሕ ከስተው ከም ዝኸኣል ብዙሓት ተንተንቲ ይገልጹ ኣለው። ንሓድሽ እማመ ኣመሪካ ዝተዛረበ ኢራን'ውን ብመንገዲ ተሳታፊኣ መሓመድ ጋሊባፍ ኣቢሉ "ኣብቲ ዝዋደድ ዘሎ ዝርርብ ንኣመሪካ ክትኣምና ኣሸጋሪ እዩ፤ ሕጂ'ውን እምነትና ኣብ ቅልጽምናን ኣብ መሳርያትናን እዩ" ክትብል እያ ተሰሚዓ። ጋሊባፍ ወሲኹ ኣመሪካ ንኹሉ'ቲ ኢራን ኣቕሪባቶ ዝነበረት ቅድመ ኩነት ከይፈተወት ብሓደሊ'ምባር ብስምምዕ ክተተግብር ትኽእል'ያ ኢልካ ምሕሳብ ኣሸጋሪ ምኻኑ ኣመልኪቱ። ኢራን ናብዚ መደምደምታ'ዚ ካብ ዘርኸበ ተብቢላ ኣይትኽእልን ዊሕዳ፡ እንታይ ደኣ ከሎ'ቲ ኣቐዲማ ምስ ኣመሪካ ዝጸዓቶ ስምምዓት፡ ተግባራውነት ዘይብሉ ባዕሻ ክይኑ ስለ ዝረኸበቶ ምኻኑ ሰበ ስልጣን ናይታ ሃገር ይሕብሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ ሓደ ካብቲ ኣብ መዘዘዩ ጣውላ ቀሪቡ ዝበረ ጠለብ ኢራን፡ ኣመሪካ ካሕሳ ናይቲ ብድብደባ ዝዕነወን ዝዓነዋወን ትሕቲ ቅርጺታታ እዩ ነይሩ። ከም ዝፍለጥ ኣመሪካን እስራኤልን ተሓጋጊዘን በቲ ሃንደበት ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝወልዓ ኩናት ኣብ ልዕሊ ብርክት ዝበሉ ትሕቲ ቅርጺታት ናይታ ሃገር ማለት ኣብ ዩኒቨርስታት፡ ኢንዱስትሪታት፡ ቢንቶታት፡ ጽርግያታት፡ ናይ ቴክኖሎጂ ትካላትን ካልኦት ኣካላት ቡታታትን ብቢልዮናት ዶላር ዝቑጸር ዕንወታት ወይ ክሳራታት ወሪዱ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ እያ እምበር ኢራን ኣብዚ እዋን ምስ ኣመሪካ ኣብ ስምምዕ ክትበጽሕ እንተ ኾይና ኑ ብዝምጋም ካብ 300 ቢልዮን ክሳብ 1 ትሪልዮን ዶላር ተገምጊሙ ዘሎ መጠን ወሪዱዋ ናይ ዘሎ ዕንወት፡ ኣመሪካ ክትካሕስ ትጠልብ ዘሎ። እዚ ከኣ ብወገን ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ፍጹም ተቐባልነት ዘይክህልዎ ይኽእል እዩ፡ ኣብ 2016፡ ናይ ሽዑ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዝነበረ ባራክ ኦባማ ብመሰረት እቲ ኢራን ምስ ኣመሪካን ካልኦት ሓሙሽተ ሓያላን ሃገራትን ዝገበረቶ ስምምዕ ኣሰታት 1.7 ቢልዮን ዶላር ካሕሳ ክወሃባ ፈቒዱ ነይሩ እዩ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ግን በቲ ንኢራን ዝተዋህበ ካሕሳ ፍጹም ገሁይ ከም ዝኾነ እናገለጸ'ዩ ንባራክ ኦባማ ክርሕም ብተደጋጋሚ ዝሰማዕ ጸኒሑ። ስለዚ ትራምፕ፡ በቲ ኣመሪካ ብሽቓድ ኦባማ ንኢራን ዝኸፈላቶ 1.7 ቢልዮን ዶላር እኳ ክሳብ ክንድዚ ዝሓመመ ደኣ ሕጂ ኣማኢት ቢልዮናት ዶላር ወይ'ውን ትሪልዮን ዶላር ንኢራን ከመይ ኣቢሉ ክኸፍል ፈጺሙ ዘይሕሰብ ዘይሞቅምቶ እዩ ኢሎም ምሁራት ይሓትዉ።

ብወገን እስራኤል ምስ እንምልከት ድማ እቲ ሓሳብ ፍልይ ዝበለ እዩ። እስራኤል ኢራን ምስ ኣመሪካ ብምሕጻስ ብዥናት ክትዳኸዋር ኣብ ስምምዕ ሰላም ክቃዋም ከይሰርር ድሌት የብላ። ገለ ኣብ ዓውዲ ፖለቲካ ሰሙቅ ዝበለ ፍልጠት ዘለዎም ወገናት ከም ዝብልዎ ዘለዉ፡ እስራኤል ኢራን ከም ሃገር ክፈረረስት እንተላ ምስ ኣብ ስምምዕ ሰላም ምብጻሕ ማለት፡ ብፍቓድኻ ኢድካ ከም ምሃብ ስዕረትካ ከም ምቕባልን ገይራ እያ ትቐበሮ። ናይ እስራኤል ኣጀንዳ ዝበለ እዩ። እዚ ማለት፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብኹናት ኢራን ህዝቢ ኣመሪካ ማሕበረሰብ ዓለምን ተቐጢዑም ስለ ዘለዉ እስራኤል እቲ ቀዋሚ ክሳብ ዝበለል ኑ ኩናት ንግዚኡ ደው ክትብሎ ትኽእል እያ። ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ግዜኡ ኣኺሉ ካብ ስልጣን ቅድሚ ምውራዱ ማለት ኣብ ውሽጢ ዝቐጸለ ክልተ ዓመታት መንፈቕን ግን እቲ ኩናት ዳግማይ ንኸውላዕ ክትቀጻቕሖ ትኽእል እያ ዝብሉ ተንተንቲ ብዙሓት እዮም። ኣመሪካውን እንተ ኾነት ዘመናዊ ኣጽዋር ካብ ዓንቀጾም ዝወጽኡ ኣሽሓት ወተሃደራት ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣዋፊራ ክተብቅዕ ንኹሉ ኩናት ስለሕ ኣለ ካብቲ ዞባ ክትወጽእ ትኽእል እያ ኢልካ ምሕሳብ ወይ ምምጋት የዋህነት ዋሪሕ ምኻኑ እዮም ተንተንቲ የመልክቱ።



# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ሓደ ካብ’ቲ ዝተዓወትናሉ ዓበይቲ ወፍሪታት፡ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት እዩ”

### ሚ/ር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ኣብ ናይ ረቡዕ ሕታምና፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ትምህርቲ ሃገርና ከመይ ከም ዘሎ ብዝምልከት ምስ ሚ/ር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ቃለ-መሕተት ኣካይድና ምዃርና ይዝከር። ንሎሚ ድማ 2ይ ክፋል ይስዕብ ሰናይ ንባብ።*

**- እቲ ራብዓይ ክፍሊ’ኸ እንታይ እዩ፧**

እቲ ራብዓይ ክፍሊ ድማ፡ ትምህርቲ ንዓበይትን ሜድያን እዩ። እዚ ክፍሊ ብዙሕ ንጥፈታት እዩ ዘካይድ። ብዓቢኡ መስርሕ ምጥፋእ መሃይምነት እዩ። ምጥፋእ መሃይምነት ኣብ ውሽጢ እዚ 35 ዓመታት፡ ብዙሕ እዩ ተሰሪሑሉ። ዳርጋ ተዓዊትናሉ ኢና ክንብል ከኣ ንኽእል። ምናልባት ኣብ’ቲ ናይ መጀመርታ ዓመታት ናጽነት ብዙሕ መሃይምነት ዘዮጥፍአ ህዝቢ ስለ ዝነበረና፡ እቲ መሃይምነት ምጥፋእ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዝብል፡ ኣዝዩ ሰፊሕ ስራሕ ዓሚሙ እዩ። ድሕሪ ዓመታት እቲ ሱብ ዕድል እናረኸበ ስለ ዝመጽኡ፡ እቲ ምጥፋእ ናይ መሃይምነት ዝበሃል ወይ ትምህርቲ ንዓበይቲ ዝበሃል፡ እናጐደለ መጺኡ። ዋላ’ኳ ጽጹይ መጽናዕቲ ክንገብር ኣብ መደብ እንተ ሃለና፡ ዳርጋ 89 ሚእታዊት መሃይምነት ኣጥፊኡ ኣሎ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። እዚ በዚ ብሚ/ሪ ትምህርቲ ጥራይ እኮ ይዶ ንጥፈታት ጥራይ ዘይኮኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሰራዊት’ውን ይወሃብ እዩ። ኩሉ ትምህርቲ ኣቋሪጹ ዝኸደ ሱቡ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ሰራዊት ናይ ትምህርቲ ዕድል ይረኽብ እዩ። መብዛሕተኦን እተን ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ’ቲ ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ መደብ፡ ዕድል ናይ ምጥፋእ መሃይምነት ክረኽባ እንከለዋ፡ እቶም ዕድል ናይ ትምህርቲ ዘይረኸቡ ደቂ-ተባዕትዮ ከኣ፡ ኣብ’ቲ ሰራዊት ከይዶም ትምህርቲ ይመሃሩ። እቲ ናይ ምምሃር መስርሕ ብሃ.ማ.መ.ተ.ኤን ሃ.ማ.ደ.ኤን ኩታ ብኹሉ ስለ ዝካየድ፡ ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ገስጋስ ኣርኢና ኢና። ትምህርቲ ንዓበይቲ ናይ መሃይምነት ምጥፋእ ጥራይ ኣይኮነን ዘካይድ። እቶም ብስሩዕ ትምህርቲ ዝመሃሩ፡ ሓደ ቈልዓ ወዲ ሸዱሽተ ዓመት እንተ ደኣ ኰይኑ፡ 1ይ ክፍሊ ክኣቱ ኣለዎ። ወዲ ኣርባዕተ ዓመት እንተ ኾይኑ ከኣ፡ መዋእለ ህጻናት ክጅምር ኣለዎ። እዚ ዕድል’ዚ ከይረኸቡ ደቂ ትሽዓተ፡ ዓሰርተ፡ ዓሰርተ ኣርባዕተ ዓመት ዝኾኑ ኣብ ውሽጢ’ቲ ሕብረተ-ሰብ ኣለዉና። ምኽንያቱ ገና ብሰበኽ ሳግም ዝኑበር ህዝቢ ስለ ዘለና። ምስ ራሕቂ ቦታ ዕድላት ናይ ትምህርቲ ዘይረኽቡ ኣለው። ስለ’ዚ ነዚ ኣማራጺ ክኸውን ተባሂሉ፡ እዚ ኢ.ኢ.ሲ. (ኢለመንታሪ ኮምፕሊመንታሪ ኢዱኬሽን) እንብሎ፡ ኣብ ክንዲ 1ይ፡ 2ይ፡ 3ይ፡ 4ይ፡ 5ይ ትኽ ኢሉ ዝመሃር፡ ዕድሜኡ ዓቢዩ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ሰለስተ ዓመት ናይ መባእታ ከም ዝውድእ ትገብሮ። በዚ ክፍሊ’ዚ ድማ፡ ምክትታል ይግበረሉ። ኑቲ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ዝመሳሰል ኣርዒምና ናብ ሰለስተ ዓመት ኣምጺእና፡ እቲ ናቱ ብቕዓት (ስታንዳርድ) ግን ከይጐደለ ተመሳሳሊ ትምህርቲ ይወሃብ እዩ። ናይዞም ሓሙሻይ ክፍሊ ብኸምዚ ኣብ ሰለስተ ዓመት ዝወድኡ ከኣ፡ ናብ ማእከላይ ደረጃ ሓሊፎም እቲ ስሩዕ ትምህርቲ ምስ ካልኦት መዛኑኦም ይመሃሩ እዮም።

**- እዚ ክፍሊ ዝሰርሖ ካልእ ንጥፈታትከ፧**

ኣብ ርእሲ’ዚ፡ እዚ ክፍሊ ዝሰርሖ ስራሕ ናይ ሜድያ ስራሓት እዩ። ኣብ’ቲ ናይ ሜድያ ከኣ ረድዮ ባና ኣሎ። ኣብ’ዚ ቀረባ ግዜ ከኣ፡ ምስ ሚ/ሪ ዜና ብምትሕብባር ናይ እንግሊዘኛ ፕሮግራም ተጀሚሩ ኣሎ። ናይ ቴለቪዥን ፕሮግራም’ውን ኣብ መደብ ኣሎ። ጋዜጣ ግን ድሮ ጀሚሩ ኣሎ። ስለ’ዚ እቲ ሜድያ ዝህቦ ኣገልግሎት፡ ትምህርታዊ ሜድያ እዩ። እዚ ከኣ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። እቲ ቀንዲ እንጸቕጠሉ፡ ናይ ረድዮ ፕሮግራም እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ዳርጋ ረድዮ ዘይሰምዕ ሱብ የብልናን። ረድዮ፡ ንኣ ከይተረፈ ዝውንና ኣብ በረኻ ዝሰምዓ ንብረት እያ። ብመንገዲ ረድዮ ድማ፡ ናይ ጽሬት፡ ትምህርቲ፡ ኩብርታት ንህዝቢ ክመሓላለፍ ዝግበኦ ተወሰኽቲ መደባት የካይድ። ነዚ ከነዕብዮ ከኣ ንሰርሕ ኣለና። እዘን ዝጠቐስኩወን እተን ዘለዋና ክፍልታት እየን። ከም’ቲ ዝበልኩኻ ክንዮ’ዚ ዝገለጽኩዎ ተወሰኽቲ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ናይ’ተን ክፍልታት እንተ ደኣ ተደልዩ’ውን ክትርእይዎን ክትወስድዎን ትኽእሉ ኢኹም።

ምናልባት ምስ’ዚ ዝተኣሳሰር እቲ ቀንዲ ንጥፈታት ናይ ሚ/ሪ ትምህርቲ እንታይ እዩ እንተ ደኣ ኢልና፡ ዋላ እዚ ዝጠቐስኩዎ ይኹን፡ ብዓቢኡ ግን ኣብ’ቲ ምምሃር ምስትምሃር ትምህርቲ ንኹሉ ምብጻሕ ዝበልናዮ ሰለስተ ዓይነት ዳታ ኣዳሊና ስለ ዘለና ንመረዳእታ ክውሰድ እውን ይከኣል እዩ።

እዚ ማለት ካብ 1991 ክሳብ 2026 ዓመተ ትምህርቲ ናይ 35 ዓመታት ኣብ ሰለስተ ዳታ በብመቓን ናይ ዓመታት ግዜ ኣዳሊናዮ ኣለና። እዚ ዕብየት እዚ ከኣ፡ ከም ጋዜጠኛታት ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ’ዚ ዳሕረዋይ ዓሰርተ ዓመትከ እንታይ ስራሕ ኢና ሰርሒና እንተደኣ ኢልና፡ ናይ ብሓቂ ምስ’ቲ መንግስቲ ኣብ ትምህርቲ ዝገበሮ ወፍርታት ዓቢ ምዃኑ እዩ ዘርእየና።

**- ብኣብነት ኩተሰንደልና ትኽእሊዶ ሚ/ር ሓሊማ፧**

ከም ኣብነት ኣብያተ ትምህርቲ ናይ መዋእለ ህጻናት ኣብ 2014፡ 2015 ዓመተ ትምህርቲ ኣብ መላእ ሃገር 483 ነይረናና። ኣብ 1991፡ 1992 ግን ኣዝየን ውሑዳት ኣብያተ ትምህርቲ እየን ነይረን። እዚ ክሳብ’ዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋናት ቍጽሪ ናይ’ቲ ዕድል ዝረኽቡ ተመሃራይ መዋእለ ህጻናት ኣዝዩ ውሑድ እዩ ነይሩ። ሎሚ ኣብ 2024፡ 2025፡ 2026 ግን 1952 ናይ መዋእለ ህጻናት ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋና። እዚ ኣዝዩ ዓቢ ዝላ ዝገበርናሉ ጽላት እዩ፡ ብቐንዱ መንግስቲ ብዝወሰዶ ኣገዳሲ ዝገምቲ እዩ። ምናልባት ሚ/ሪ ትምህርቲ ብቐጻሊ ክሓተሉ ጸኒሑ እዩ፡ እዚ ጽላት ናይ መዋእለ ህጻናት ኣብ ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርቲ እዩ ዳርጋ ተሓጺሩ ነይሩ። ኣብ’ቲ ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርቲ ክምህር ዝኽእል የምህር ነይሩ። ዝበዝሐ ተመሃራይ ሕብረተ-ሰብና ኣብ ናይ ግሊ ክምህር ዘይክእል ከኣ፡ እዚ ዕድል ናይ መዋእለ ህጻናት ከይረኸበ እዩ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ቀዳማይ ክፍሊ ዝጅምር ነይሩ። ነዚ ክንታትት’ዚ ብምርዳእ ዓሚ መንግስቲ ኣብ’ዚ ናይ መዋእለ ህጻናት ደረጃ ኣዝዩ ዓቢ ወፍሪ ገይሩ፡ ከባቢ 6000 ዝኾኑ መምህራን ደቂ ኣንስትዮ ሰልጢነን፡ ኣብ ዝበዝሓ ዓድታት ድማ እዚ ዕድል ናይ መዋእለ ህጻናት ክኽፈት ክኢሉ ማለት እዩ። ኣዚና ዓቢ ዝላ ኣመዝጊብናሉ ዘለና እዩ ክንብል ንኽእል።

**- ብዛዕባ ብቕዓቶን ዝምልከት፧**

ምናልባት ናይ ብቕዓት፡ ምምሃርን ካልእን ሕቶ ወይ ብድሆታት ኣብ ቀጻሊ ክንዛራረበሉ ኢና። ኣብ ናይ መባእታ ኣብያተ ትምህርቲ እንተ ደኣ ርኢና ቅድሚ 10 ዓመት 955 ኣብያተ ትምህርቲ ነይረን። ኣብዚ ሕጂ እዋን ግን፡ 1097 በጺሐን ኣለዋ። ስለ’ዚ እቲ ዕብየት ምስ ግዜ እናበረኸ ይኸይድ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብ ናይ ማእከላይ ደረጃ እንተ ደኣ ርኢና ድማ፡ 352 ኣብያተ ትምህርቲ ነይረን፡ ሕጂ 469 በጺሐን ኣለዋ። ኣብ 2ይ ደረጃ ድማ 104 ነይረን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ 132 ኣለዋ ማለት እዩ። ኣብ ኩለን፡ ኣብቲ ገስጋስ ናይ’ቲ ጽላት ዕብየት ኣርኢና ኣለና። ምናልባት ዕብየት ዘየርኣናሉ ጽላት ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ ክንጅምር እንከለና፡ 10 ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ተክኒካል እየን ነይረናና። ገሊኦን እናተዓጽዋ መጺኣን። ኣብ 2014፡ 2015 ሸሞንተ ኣብያተ ትምህርቲ ነይረናና፡ ሕጂ ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዘለዋ ከኣ፡ ሸዱሽተ ኣብያተ ትምህርቲ እየን። እዚ እንኪላይ ኣብ ሳዋ ዝተደኰነ ናይ ሃማሞስ ናይ ሞያ ትምህርቲ ማለት እዩ። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ተቛሪጹ ስለ ዘሎ ግን፡ ብኸምዚ ምኽንያት እዩ እቲ ቍጽሪ ናይዘን ቴክኒካል ኣብያተ ትምህርቲ ጐዲለን ዘለዋ። ስለ’ዚ ሓፈሻዊ ክንርእዮ እንከለና፡ ኣብዚ እንታይ እዩ እቲ ኣገዳሲ፡ እቲ ናይ ምጥፋእ መሃይምነት እዩ። ቅድሚ ዓሰርተ ዓመት 906 ነቝጣታት ነይረናና፡ ኣብዚ እዋን ድማ፡ 412 ነቝጣታት ኣለዋና። ኣብዚ፡ እቲ ከጉድሎ ዝኸኣለ ረቛሒ እንታይ እዩ፧ ዝበዝሐ ህዝቢ መሃይምነት እናጥፍአ ስለ ዝኸደ እዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩዎ ዕድላት እናረኸበ ይኸይድ ስለ ዘሎ እዩ። እዚ ብኣብያተ ትምህርቲ ደረጃ እዩ። ምስ ብዝሒ ናይ ተመሃሮ እንተ ደኣ ርኢና፡ ተመሳሳሊ ዕብየት ምስተን ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ እዚ ዓሰርተ ዓመት ዝተመዝገበ እዩ። ቅድሚ 10 ዓመት ዝነበረ ቍጽሪ ተመሃራይ ምስ ናይ ሕጂ በጺሑዎ ዘሎ እንተ ደኣ ርኢናን ኣወዳዲርናን ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘለዎ።

ከም ኣብነት ኣብ ናይ መዋእለ ህጻናት፡ 42 ሽሕን 122 እዮም ዕድል ናይ ትምህርቲ ነይሩዎም። ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ግን 100 ሽሕን 583 ተመሃሮ በጺሖም ኣለዉ። እዚ ምስቲ መንግስቲ ዝወሰዶ ስጉምታት ወፍሪ ኣብ ትምህርቲ ኣዝዩ ዕብየት ኣርእዩ ኣሎ። ኣብ መባእታ ደረጃ ብተመሳሳሊ እንተ ደኣ ርኢና፡ 361 ሽሕን 684 ቅድሚ 10 ዓመት ነይሩና። ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት እንተ ደኣ ርኢና ከኣ፡ ናብ 440 ሽሕን 155 ክቡብ ኢሉ። ኣብ ማእከላይ ደረጃ እንተ ደኣ ከይድና እውን ከም’ኡ 147 ሽሕን 31 ነይሩ። ኣብ’ዚ ሕጂ ድማ፡ 196 ሽሕን 795 በጺሑ ማለት እዩ። ዋላ ኣብ 2ይ ደረጃ እቲ ቍጽሪ ናይ ተመሃሮ ኣጸቢቑ እዩ ዕብየት ኣርእዩ። ቅድሚ 10 ዓመት 97 ሽሕን 217 ነይሮምና። ሕጂ ዘለዉና 109 ሽሕን 158 እዮም። ኣብ ተክኒካል እንተርኢና ከም’ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ 3613 ተመሃሮ ነይሮምና። ሕጂ ክንርእዮ እንከለና ግን፡ 629 እዮም። ሕጂ እዚ ናይ ቲብት ዓውዲ ጐዲሉ ኣሎ፡ ምኽንያቱ እቲ ቍጽሪ ተጋኒኑ ዝመስል ዘሎ ምስ ምዕጻው ቤት ትምህርቲ ናይ ሃማሞስ እዩ ማለት እዩ። ብቑጽርን ብዝሒን መምህራን እንተ ደኣ ርኢናዮ እውን ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ በበይኑ እዋን እቲ ቍጽሪ ክቡብ ኢሉ ኣሎ። ቅድሚ 10 ዓመት ብዝሒ መምህራን ኣብ መዋእለ ህጻናት 1456 እየን። መብዛሕተአን እዚአን ከማን ኣብ ናይ ግሊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰርሓ ዝነበራ እየን። ኣብዚ ሕጂ እዋን እንተደኣ ርኢናዮ እቲ ቍጽሪ ናብ 5451 ክቡብ ኢሉ ኣሎ። ኣብ’ዚ ሕጂ እተን ዝበዝሓ ብደሞዝ ናይ መንግስቲ እናተኸፍላ ዝሰርሓ ዘለዋ መምህራን እየን። ኣብ መባእታ እንተ ኸይድና’ውን፡ ቅድሚ 10 ዓመት 8346 መምህራን ነይሮምና። ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ 12 ሽሕን 544 እዮም። ኣብ ማእከላይ ደረጃ ከም’ኡ 3563 መምህራን ነይሮምና። ኣብዚ ሕጂ ሰዓት ከኣ፡ 6401 በጺሑ ኣሎ። ኣብ 2ይ ደረጃ 2800 ነይሮም፡ ኣብ’ዚ ሕጂ ሰዓት ድማ 3813 በጺሖም ኣለዉ። ኣብ ናይ ተክኒክ መምህራን እንተ ደኣ ርኢና፡ 418 ዝነበሩ መምህራን፡ ሕጂ ቍጽሮም ናብ 245 ጐዲሉ ኣሎ።



**ይቕጽል....**

---

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ጽንብል ናጽነት፥ ጀርናዲ፡ ኣምሓጀር፡ ሓጋዝ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ፍሉይ መደብ መዚቃ |
| 14:55 | ጽንብል ናጽነት፥ ታሉታ ዓሸር፡ ዓሊ ግደር ፥ዱዲ ዐመር፡ እንጃሓይ፡ ፋንኮ ሰቲሞ |
| 15:30 | ጽንብል ናጽነት፥ ኣብ ጋሕተላይ፡ መትከል ኣብየት፡ ላዕተን |
| 16:15 | መደብ ሞዚይክ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ሞዚይክ |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ሳዉን |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝማም |

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ወራር ቀይሕ ኮኾብን ታኼላ ቀይሕ መስመርን

መበል 28 ክፋልን
መደምደምታን

እቲ ንወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ከተግብር ናብ ኤርትራ ዝኣተወ ብፍላይ ደማ ኣብ ሰለስቲኡ ግንባራት ዝተሰለፈ ሓይሊ ዓቕሚ ጸላኢ ብኣጠቓላሊ ርኢናዮ ኢና። ምስ ዓቕሚ ሰብን ኣጽዋርን ህዝባዊ ግንባር ምንጽጻር ዘይከኣል ናይ ሰማይን ምድርን ፍልልይ ስለ ዝነበሮ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ኢዱ ኣጣሚሩ ጥፍኣት ሰውራ ኤርትራ ይፅበ ነይሩ። እቲ ሰውራ ክሰርር ይኽእል'ዩ ዝብል እምነት ዝነበሮ ሃገር ፍጹም ኣይነበረትን።

እቲ ወራር ምስ ጀመረ ጸላኢ ክምዝምዞ ፈቲኑ ዝነበረ ድኽም ጎድኒ ናይ ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ብኽልተ ክንፍታት ኣግፊሑካ ናይ ምምጣጥ ስልቲ እዩ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ጐላጉል ወረደካ ናይ ምጥቃዕ ዝበሮ ጽዕም ኣብ ግምት ኣእቲዩ ጸላኢ እግሪእግሪ ኽታት ከም ደላዩ ከስፋሕፍሕ ምኽኣሉ እዩ። እንተኾነ እቲም ኣሻድሻይ ወራር ከዐውቱ ዝተመልመሉ ተራራ ክ/ጦራት፡ ኣብቲ ወፍሪ ተዓዊትካ ንምውጻእ ጥራይ'ምበር ኑቲ ኣብ ባይታ ዝጸንሖም ምትዕጽጻፍን ስልቲ ወግእን ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ሱኣእምሮኣዊ ቅሩብነት ስለ ዘይነበሩሉ ክጻወሩዎን ክበድህዎን ተሸገሩ። ካብ መሪሕነቶም ጀሚርካ ክሳብ'ቲ ተራ ሰራዊት፡ ምዝዞም ናይቲ ኩናት ካብ ኢዶም ወጺኡን ኣብ ድሌቶም ከም ዘይምርኮሰን እቲ ግጥም ምስ ጀመረ'ዩ ክርድኦም ዝጀመረ። ሰራዊት ኢትዮጵያ ብሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከም ሕሱም ክደሃኽ ምስ ጀመረ፡ ኣብ ዘዮምልስ ዓቕቲ ከም ዝተሸመሙ ርእዩሞ። እቲ ስርዓት ግን ብዚይካ ጎሳዊ ፍታሕ፡ ፖለቲካዊ ፍታሕ ይረኣዮ ስለ ዘይነበረ እቲ ኩናት ቀጺሉ። ግን ዓቕሚ ሰራዊቱ'ዎም ካብ ዕለት ናብ ዕለት ብሰብኣዊ ዓቕምን ሞራልን እናፈኸሰ ኣውዳድባኡ'ውን እናተጨበጠ ከደ። ኣሃዱታት ጸላኢ፡ ዓቕሚ ሰቦን ኣጸቢቑ ስለ ዝተጓደሉ በበ'ርባዕተ ብርጌዳት ቀይመን ዝበሩ ክ/ጦራት ብሰለስተ ብርጌዳት፣ እተን ሓላለፈን ብሰለስተ ሻለቃ ቀይመን ዝበራ ብርጌዳት ብኽልተ ሻለቃ ክቕማ ተገደዳ። እዚ'ውን ንግለቱ ደኣ ብኻለቃታት ይጽውዓ ነይረን'ምበር፡ ዝበረን ዓቕሚ ሰብ ካብ ናይ ሻምበል ዝሓልፍ ዓቕሚ ኣይነበረን።

ክ/ጦር 15 ስለ ዝተዳኸመ፡ ኑቲ ምስ ግንባር ናቕፋ ዝተኣሳሰር ዝበረ መከላኸሊ መስመር ጉዳፉ፡ ብሓፈሻ እቲ ውቃው እዚ ኣብቲ ናይ ቅድሚ ሻድሻይ ወራር ዝበረ መከላኸሊ መስመር ክምለስ ተገደዱ። ብርጌድ 90 ተዳኺሙ 'ክረ' ስለ ዝኾነ ምስ ብርጌድ 93 ተደረበ። ብተመሳሳሊ ምኽንያት፡ ኮማንዶ ሻለቃ 55 ምስ ፓራኮማንዶ ብርጌድ-4 ተደረበ።

ኣብ ወግእ ሻድሻይ ወራር ተሳቲፉ ዝበረ ሰራዊት ስርዓት ደርጊ ካብ ኣብ ኣርእ እዋናት ናይ 17 ዓመታት ዘመነ ስልጣኑ፡ እቲ ዝበለጸ ሞራሉ፡ ዕጥቅን ኣውዳድባን ዝበሮ ሰራዊት እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ተኸታታሊ ወራራት ዝተጠርዩ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ናይ መጥቃዕትን ጸረ-መጥቃዕትታትን ተመኩሮ ብቐሊል ዝርአ ኣይነበረን። ኣብዚ መድረኽ'ዚ ስርዓት ደርጊ ኣብ ጸለም ኣፍሪቃ ካብ ዝበሩ ሰራዊት እቲ ዝበርትዐ ነይሩ እንተተብሃልናዮ ዝጋነን ኣጋላልጻ ኣይኮነን። ግን ናህሪ ናይቲ ወራር ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ዝሓለፉ ብዓወት ህዝባዊ ሰራዊት ተደምደመ። ጸላኢ፡ ልዕሊ 40,000 ሰብን ማእለያ ዘይብሉ ንብረትን ከሰረ።

ብዛዕባ ወራር ቀይሕ ኮኾብ ብዙሕ ተባሂሉ እዩ። ኣብ 22 መጋቢት 2024 ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምዲ ማህደር ጀጋኑ "ሞት 40 ሓረምዝ ኣራትኪሎ ዘናተለ ውግእ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ንወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ዝምልከት ጽሑፍ ኣቕሪብናልኩም ኔርና። ኣብቲ ጽሑፍ'ቲ፡ ሓደ እስራኤላዊ ጀነራል፡ እቲ ዝለዓለ ወተሃደራዊ ዓወት ናይ ዓመት 1982፡ ብውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ወራር ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ዝተመዝገበ ወተሃደራዊ ታሪኽ ምዃኑ፡ ኣብ ቅድሚ ተጋደልቲ ዋዕላ ምልውዋጥ ወተሃደራዊ ተመኩሮ ሃገራት ሰዉብቲ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ምምስካሩ ገሊጽና ኔርና።

ብዘይካ'ዚ፡ ዝተፈላለዩ ላዕለዎት መኮንናት ስርዓት ደርግ'ውን ንትዕቢትን ፍሽለትን ስርዓት ደርግ ኣብ ሻድሻይ ወራር ኣብ ዝተፈላለዩ መራኽቢ ብዙሓን ይገልጹዎ እዮም። ዳርጋ ኣብ ኩሉ ኣደማድማ ጽሑፋቶምን መደረታቶምን ንጅግንነትን ዓወታትን ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ናእዳ (credit) ክኸልኡ ዝፍትኑ'ኳ እንተኾኑ፡ ግን እቲ ሓቂ ይቕላዕ'ዩ። "ኣብዮት'ና ትዝታየ" ኣርእስቲ ሐዙ ኣብ ዝዘርግሐ ጽሑፍ — ፍስሃ ደስታ'ውን ተመሳሳሊ. ጠቢይ'ኳ እንተ ሃለዎ፡ ግን ንባሉ'ውን ኣብ መውዳእታ ግዳይ ውሳኔ ማእሰርቲ ስርዓት ደርግ ኮይኑ ስለ ዝበረ'ዩ ዝመስል፡ ብዛዕባ ሻድሻይ ወራር ብዙሕ ሓቅታት መዝገቡ ኣሎ። ካብቲ ኣብዚ ዘገድሰና ትሕዝቶታቱ ቀጥታ ተርጒምና ኣቕሪብናዮ ኣለና፡

ቀንዲ ፖለቲካዊ ዕላማ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ፡ ቁጠባውን ወተሃደራውን ዝተወሃሃደ ወፍሪ ጌርካ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ ሻዕብያ ንምርሓቕ ዝተወጠነ መደብ'ዩ። "ቀይሕ ኮኾብ" ዝብል ስም ካብቲ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣመራርውያን ኣብ ሶማልን ህንዳዊ ውቅያኖስን ዘካይዱዎ ዝበሩ "ድሙቕ ኮኾብ" ዝብል ስያመ ዝሓዘ ወተሃደራዊ ልምምድ'ዩ ዝቕዳሕ። ስርዓት ደርግ ድማ፡ ኣብ ጎድኒ ተጻራሪ ደምባ ሃጸያዊ ሓይሊ (ኣመሪካን ሰዓብታን) ናብ ማሕበርነታዊ ደምባ ብምውጋን መርገጺኡ ኣጽሪሩ ስለ ዝበረ፡ ኑቲ ወራር፡ "ኩሉ'ንትናዊ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ዝብል መጸውዒ ሂብዎ።

. . . ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ንምዕዋት ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት፡ ምክልኻል፡ ናይ ኢ.ሰ.ፓ.ኢ.ኮ. ብዅት ብልዑል ደረጃ ይጸዋዕሉ ነይሮም። ናይ'ቲ ብወገን ደርግ ዝግበር ዝበረ መጠነ ሰፊሕ ምድላዋት ሓበሬታ፡ ካብ ምክትታል ሻዕብያ ክወል ኣይነበረን። ዝ. ዝፋ ወፍሪ'ዚ ንምዕጋት ከም ዘይከኣል ስለ ዝተረድኦ፡ ኣብ ግንባር ናቕፋ ተንዚርካ ምጽባይ ከኣ፡ ብቐሊሉ ተበታቲንካ ስዕረት ምቕባል ከም ዝኾነ'ውን ስግኣት ነይሩዎ። በዚ ምኽንያት፡ ሻዕብያ ንህዝቡ ዝኣተዎ መብጽዓ ናይ ናጽነት ተሰዉኡን ነዊሕ ዓመታት ዝኸፈሎ መስዋእትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ስርዓት ደርግ ሓደ ዓይነት መኩላለሲ መብጽዓ እንተኣትዩ ንዘርርብ ሰላም ድሉዋት ምዃናም ብምርግጋጽ፡ ገለ ካብ መራሕቲ ኣፍሪቃ ከተዓርቑ ተበጊሶ ዝወሰዱ ነይሮም። ብወተሃደራዊ ምድላዋቱ ዝተማከለ መንግስቱ ሃይለማርያም ግን፡ "ሻዕብያ ብሀጹጽ ዕጥቁ ክረክብን ኢዱ ክህብን ጥራይ'ዩ ምርጫ ዘለዎ፣ እንተዘየሉ ንሽፋቱ እጽኦ መፍትሒን ምስኡ እንዘርበሉ ዝርርብን የለን" ክብል ንሕቶ ሻዕብያ ውዱቕ ገይሩዎ። እዚ፡ ሓደ ካብቶም ዘምለጡና ዕድላት ዓቢ ነይሩ።

. . . ብኸምዚ ዝበለ ትዕቢት እቲ ወፍሪ ተጀሚሩ። ግን ብዓበ ከይዐበለ ምልክታት ፍሽለት ተራእዮም። ብየንባር ከርከበት ዝወፈረ ሰራዊትና፡ ናብ ዘይፈልጦን ዘይተጸንዐን መሬት ወፊሩ ብበርቱዕ ጸሓይን ማይ ጽምእን ኣብ ርእሲ ምሽጋሩ፡ ኣብ ድብየታት ጸላኢ ወዲቑ ዝፍ ህልቂት ኣጋጢሙዎ። እቲ ኹጋስ ቀልጢፉ ስለ ዝተቐጽየ፡ ናብቲ ግንባር ቀዚሁ ዝበረ ሰራዊትና ንድሕሪት ብምስሓብ ተጠቓለሉ ናብ ኣፍዓብቲ ተጓዕዙ። ሰራዊትና ካብ ግንባር ከርከበት ከም ዝሰሓብ ዝፈለጠ ሻዕብያ ድማ፡ ሓይሉ ናብ ግንባር ናደው ኣዘረ።

. . . ሰራዊትና ካብ ናደው እዚ ማዕል 17 ክ/ጦር ብትካስ ደየቡ፡ ናብ ኣልጌና ዝወሰዱ ታባታት ተቐጻጺሩ ናቕፋ ንምእታው 150 ሜትሮ ተሪፉዎ። ሳልሳይ ክ/ጦር ድማ ንመንገዲ ናቕፋን ኣልጌንን ንምዕጻው 50 ሜትሮ ተሪፉዎ። ግን ሻዕብያ ካብ ከርከበት ናብቲ ግንባር መጺኡ ኣብ ልዕሊ ክልተ ብርጌዳት ወገን መጥቃዕቲ ብምኽፋት፡ ኑቲ ተቓሪቡ ዝበረ ዓወት ካብ ሰራዊትና መንጠሎ። ክንደይ ማሰዋእቲ ተኸፊሉ ዝተታሕዘ ኣጉዳሲ ቦታታት ዳግማይ ተቐጻጸሮ። ኣብቲ ውግእ'ቲ ብዙሓት ናይ ተራራ ክ/ጦር-3ን ክ/ጦር 17ን ህይወቶም ስኢኖም።

. . . ግንባር ናቕፋ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከም ዝጸሐ ዘረጋገጸ ሻዕብያ፡ ሰራዊቱ ካብ ግንባር እዚ ናደው ናብ ግንባር ውቃው ኣዘሮ። ክ/ጦራት 15ን 19ን እውን ንመከላኸሊ ደፋዓት ግንባር ናቕፋ-ቃሩራ ናይ ሻዕብያ ንምቅጽጻር ንዋሕ ግዜ'ኳ ተረባሪቦም እንተኾኑ፡ ግን ተወሳኺ ደገፍ ክግበረሎም ስለ ዘይከኣለ ተዳኺሞም ናብ ቃሩራን ኣልጌናን ክስሕቡ ተገደዱ። ናደው እዘውን ከምቲ ትጸበ'ቶ ዝተጉብረሉ ንቕድሚት ክግስግስ ኣይከኣለን። ስለ'ዚ፡ ክልቲኦም ግንባራት ናብ ቦታ መከላኸሊ ሰሓቦም ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ከኣ በዚ ፈሸለ።

. . . ሰራዊትና፡ ሓንሳብን ናይ መጨረሽታን ግዜ ጸላእቲ ንምድምሳስ ዕላማ ገይሩ ብናህሪ ናብቲ ዓውደውግእ ከምርሕ ከሎ፡ ሻዕብያ ፍሉይ ስልቲ ተጠቒሙ። መጥቃዕቲ ኣብ 15 ሰዓተት ክኽፈተሉ ምዃኑ ኣቐዲሙ ስለ ዘረጋገጸ ብዕለት 12 ኣብ ልዕሊ ወገን ቀዲሙ መጥቃዕቲ ብምኽፋት ንሞራል ሰራዊትና ክሰብር ክኢሉን ጉድኣት ኣውሪዱን። ብዘይ ደገፍ ካርታ ንቕርጺ መሬት ናይቲ ግንባራት ጸቢቑ ገይሩ ይፈልጦ ስለ ዝጸንሐ፡ መእተውን መውጽእን ረጊጡ ንሰራዊትና ምሕላፍ ብምኽልኡ፡ ድብየታት እናገበረ ከበድ ክሳራ ኣውሪዱ። ካብ ለካቲት ክሳብ ሰነ ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ ጥራይ፡ ዝሞቱ 10,115፣ ዝቖሰሉ 23,216፣ ዝተማረኹ 3,519፣ ኣድም ዝበሉ 477፣ ብድምር፡ ናይ 37,377 ኣባላት ጦር ሰራዊት ሰብኣዊ ክሳራ ኣጋጢሙና። እዚ ልዑል ምድላው ዝተጉበረሉ ኣደካሚ ወተሃደራዊ ዘመቻ ከይተዓወተ ሃዱ ማይ ኮይኑ ተሪፉ ክንሱ፡ ግን ምኽንያቱ ብዘይተፈልጠ ላዕለዎት መኮንናት መጋርግ ክወሰኹ ተራእዮም። ካብኣቶም ገለ ንምጥቃስ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ብ/ጀነራል ተስፋየ ገብረኪዳን ናይ ሌተና ጀነራል፣ ብ/ጀነራል ሃ/ጊዮርጊስ ድማ ሜጀር ጀነራል ተባሂሎም።

. . . ወሩይ ጋዜጠኛን ደራስን በኣሉ ግርማ፡ ነቲ ወራር ኣመልኪቱ "ኦሮማይ" ኣርእስቲ ዝተዋህቦ መጽሓፍ ደሪሱ፡ ብ1983 ኣብ ዕዳጋ ዘርጊሑ። "ኦሮማይ" ዝብል ቃል ቋንቋ ጥልያን ኮይኑ፡ ዘይምለሱ ዘይሕፈሱ ኣብቂዑ፡ ተወዲኡ ወይ ኣኽቲሙ ማለት እዩ።

በኣሉ ግርማ፡ ብ1935 ኣብ ኢሉባቡር ኢትዮጵያ ተወሊዱ። ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ጀነራል ዊንጌት፣ ቀዳማይ ዲግሪ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ ብኣርትስ፣ ኣብ ኣመሪካ ድማ ካልኣይ ዲግሪ ተመሪቑ። ቅድሚ ስርዓት ደርግ ብዕልዋ ስልጣን ምጭባጡ፡ ጀሚሩ መጻሕፍቲ ምድራሱ፡ ምድላው መጽሔታትን ጋዜጣታትን ክሰርሕ ጸኒሑ። ምስ ስርዓት ደርግ ድማ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ኣገልግሎት ዜና ኢትዮጵያ ሓላፊ ኮይኑ ሰሪሑ።

. . . ብኸምዚ ዝበለ ሓላፍነት እናሰርሐ ኸሎ፡ ኣብ ኤርትራ ክካየድ ንዝተወጠነ ወራር "ቀይ ኮከብ ሁለገብ ኣብዮታዊ ዘመቻ" ታሪኽ ንኽሰንድ ብዝምዝገብ ኣብ ትሕቲ ሓላፊ ሽመልስ ማዘንግያ ብምዃን ናይ ፕሮፓጋንዳ ስራሕ ንምኽያድ ተመዲቡ ኑቲ ኩናት ተኸታቲሉዎ። ካብቲ ዝፈሸለ ወፍሪ ድሕሪ ምምላሱ'ዩ ኸኣ ኑቲ መጽሓፍ ኣዳልዩዎ። በኣሉ ግርማ፡ ንወራር ቀይሕ ኮኾብ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ስርዓት'ውን ከም ስርዓት ኣብቂዑ ምዃኑ'ዩ ኣብቲ ግዜ'ቲ ደምዲሙ።

. . . እቲ መጽሓፍ ናብ ዕዳጋ ምስ ተዘርግሐ ኣብ ኣደ ሊቀመንበር መንግስቱ በጺሑ። መንግስቱ ምስ ኣንበቦ፡ ንናይ ቤት ጽሕፈት ርእየተኣለም ሓላፊ ሻምበል ፍቕረስላሴ ስለምንታይ ከምኡ ዝበለ መጽሓፍ ክሕተም ከም ዝፈቐደ ሓቲቶ'ሞ ስራሕ በዚሑዎ ስለ ዝበረ ቦርድ ርእዩ ውሳኔ ክሕህቡሉ ከም ዝወከለ ገሊጹሉ። እቲ መጽሓፍ'ቲ ንመንግስቱ ወርደት ስለ ዝበሮ፡ ንደራሲ'ውን ጸዋዑ ኣዘራረቦ። ትሕዝቶ ናይቲ ሊቀመንበር መንግስቱ ንበኣሉ ግርማ ዝተዛረቦ ቃላት ወቐሱ፡ ምስ ጋዜጠኛ ሰኩት ኣየለ ናይ ዝነበሮ ቃለ መጠይቕ ጽሑፍ "የመንግስቱ ትውስታዎች" ገጽ-217 ሰፊሩ ንረኽቦ፡

ደም ብዙሓት ዝፈሰሱ ከመይ ዝበሉ ጀጋኑ ዝተዋደቑሉ፡ እሞ ኾ ማሰርሑ ዘይውዳእናዮ ኩነታት ምዃኑ እናፈለጥካ ቀልድን ላግጽን መድለዊካ ደኞ ምስ ደቀንስትዮ ምዕባድን ምስትርን ዝመስሉ ነገራት ምስ'ዚ ሒዝናዮ ዘሎና ቃልሲ ተዛሚዱ ዝኸይድ ደኞ ወፍርና ከምዚ ዓይነት ጸወታ ነይሩዎ ማለት ደኞ ንእሞኒን ዝወፈርናዮ ዕላማ ምስ ደቀንስትዮ ንምዕንዳርን ማስተ ንምስታይን'ዩ፣ ኣብ ኤርትራ ደምና እናፈሰስን ኣዕጽምትና እናተኸስከስን እንከሎ ስለምንታይ ከምዚ ዓይነት ሰኣሊ ዝሀብ መጽሓፍ ከተቕርብ ክኢልካ . . .


ደራሲ በኣሉ ግርማ

. . . በኣሉ ግርማ፡ ካብ መንግስቱ ሃይለማርያም ድሕሪ ዝወረዶ ወቐሳ ካብ ዝተመደቦ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ከም ዝእለ ተገብረ። መጽሓፍ "ኦሮማይ" ከይትሸየጥ ተኸልከለት። ደራሲ ካብ ስራሕ ድሕሪ ምእላዩ ሸዱሽተ ወርሒ ጸኒሑ መንግስቱ ሃይለማርያም በኣሉ ኣብ ሃገረ ኬንያ ተራእዩ ኢሉ ኮ/ል ተስፋየ ወልደስላሴ ከም ዝበጽሉ ይዛረብ። ጸኒሑ ኸኣ በኣሉ ጠፊኡ ተባሂሉ ብሰፊሑ ከም ዝተወርየን መኪናኡ ኣብ ቤተክርስትያን ቅዱስ የሴፍ ተረኺባ ብመንገዲ ቤት ጽሕፈት ደህንነት ንብዓልቲቤቱ ከም ዝተረጋገጸን ፈሊጡ።

ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርጊ ፍስሃ ደስታ ንተስፋየ ወለደስላሴ "በኣሉ ግርማ ስለምንታይ ናይ ሞት ስጉምቲ ተወሲዱዎ?" ኢሉ ከም ዝሓተቶ፡ እታ መጽሓፍ ክትዝርጋሕ ካብ ዝጀመረትሉ ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ኣብ ረደዮ ደምጺ ሓፋሽ ክትንበብ ስለ ዝተሰምዐት'ሞ ንሰራዊት ደርግ ከም ዘቕጠዐት፣ በዚ ምኽንያት ናይ ፖለቲካ ሰራሕተኛታት ድሕንነትን ላዕለዎት ኣዘዝትን ልዑል ተቓውሞን ቅሬታን ከሰምዑ ስለ ዝጀመሩ ናይ ሞት ስጉምቲ ከም ዝተወሰደሉ ገሊጹሉ።

— — —

### መኣረምታ

ኣብ ናይ ዝሓለፈ መበል 27 ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡"ኣብዩም AB+ ዓይነት ደም ዝበርም፡ ካብ ካልእ ዓይነታት ደም ስለ ዘይቐበሉ፡ ጸገም ነይሩ፡" ዝብል "ኣብዩም O - ዓይነት ደም ዝበርም" ተባሂሉ ክንበብ ምሕናይ ይቕረታኡ ንሕትት።

# መልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ፊሊሞን ኣብርሃ ዑቕባስላሲ፡ ምግቢ ተረፉ፡ ሮቤል ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

ብፍ/በ/መሰል ጥዑክ ልምዓትን ወፍርን ኤርትራ፡ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ የሃንስ ተሰፋማርያም ዝኾኑ ፋኑኤል የሃንስ +5 ዘሎ ናይ ፈጻሚ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1. ፋኑኤል የሃንስ 2. ኣረጋሽ ዓንደሚካኤል፡ 3. ሉላ የሃንስ፡ 4. እስራኤል የሃንስ 5. ሩፋኤል የሃንስ 6. ቤትኤል የሃንስ፣ ንዕለት 01/07/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣምባደርሆ

ዳዊት ቀለታ ገብረእግዚኣብሄር ምግቢ ተረፉ፡ ፊልሞን ቀለታ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ ዝቃወም እንተሎ፡ ን01/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ተስፋኣለም ሞገስ ምስየፍ፡ ወለድና ሞገስ ምስየፍ ገብረን ኣረጋሽ መሕሸመ ሃብተሚካኤን ስለዝዮረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይት ብርሃ ገብረየሱስ ምግቢ ተረፉ፡ ሳሙኤል ብርሃ ገብረየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/726 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞ ደቡብ መንደፈራ

ሮግበ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ መንግስትኣብ በራኺ. ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጀመዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሰለማዊት ኣጽብሃ ደበሳይ፡ ስም ኣደይ ጸጋ ደብሱ ገሩ ምግቢ ተረፉ፡ ንግስቲ ግዝሀይ ምስገቦን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብቱ፡ ስኢሉ፡ ተኸሰስቲ፡ 1.ኣቶ መሓሪ ኣብርሃ ሃብታይ 2.ኣቶ ግርማይ ተስፋሰላሴ ከሲብ 3.ኣቶ ብርሃ ሳርያም ገብረሚካኤል፣ ክሲ ቀሪብልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ብርሃና ፍትዊ ሃይሉ፡ ብዓል ቤተይ ዘርኣይ ወልደገርግሽ ሳህለ ስለዝዮረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፅንዐብ ገዐሽ ሓጎስ ምግቢ ተረፉ፡ ፅንዐብኣለም ገዐሽ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዕድ

ኣምና መናድር ስብሃቱ ምግቢ ተረፉ፡ ኣሚና መናድር ስብሃቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ሰሪያ ኣልኣሚን ሓምድ ምግቢ ተረፉ፡ ለይላ ኣልኣሚን ሐምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሕመድ ማሕመድዓሊ. ፋይፍ ምግቢ ተረፉ፡ ማሕመድ መሐመድ ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍትሓዊ ደርጋኣለም በራኺ፡ ምግቢ ተረፉ፡ ፍትሓዊት ሰሎሙን በራኺ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋኣለም ተ/ሃይማኖት ገ/ሄር፡ ወኪል የማነ ኣስራት መልካሙ፡ ተጸዋዒት ሰላም ጸጸ ሃ/ስላሴ ፍትሕ ክፍጸመለይ ኣድራሻኣ ስለ ዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ትጸወዓለይ ስለ ዝበለ፣ ን25/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ መርያም መሓመድ ዑስማን ጀምዑ፡ ስም ኣደይ፡ ፋጥናዝሁራ ዑስማን ምንደል ምግቢ ተረፉ፡ ፋጥና ዑስማን ምንዴል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ዕ/እ'ኽሊ. ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ገለብ

ሓምድ ዓሊ. ኢብራሂም ኣሚር ምግቢ ተረፉ፡ መሐመድዓሊ. ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን02/07/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ምም/ን/ዞባ ኣባሻውል ዚፕ ኮድ 1A132 ቁ/ገዛ 8 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከል ብቑ.ውዕል 7,830 ብዕለት 29/09/2023 ብስም የርዳኖስ ምስየፍ መብራህቱ +11 ዝተመዝገበ፡ ኣብ 28 ት/ሜ ዝተደኰ 2 ክፍሊ. ገዛ ዘጠቓለለ፡ ብወሃብቶ ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝኾነ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሐዙ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎና ሰነዳት ጉዳይና ክንውድኦ ምዃንና ንሕብር።

ፍጹም ምስየፍ መብራህቱ
ደሊና ምስየፍ መብራህቱ
ሞዝዚት ሮማ ኣማኑኤል

ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምም17 ጎደና "ኛ" ቁ/ገዛ 20 ዝርከብ፡ ብቁ/ምስክር ወረቐት 113871 መወከሲ. ቁ102781 ብስም ኣዴና ነፍ/ደሕደጋ ኣስፍሃ ገብሩ ዝተመዝገበ፡ ኣብ ስፍሓት መሬት 92 ት/ሜ ዝተደኰ 2 ቀንዲ. ክፍልታት 2 ተሓጋጋዚ. ክፍልን ዘጠቓለለ ተራ ገዛ ብውርሲ. ዝበጽሓና፡ ናብ ስምና ክሰጋገር ስለ ዝኾነ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኣይሩ ውሳነ ሐዙ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘሎና ሰነዳት ጉዳይና ክንውድኦ ምዃንና ንሕብር።

ፍጹም ተወልደ በራኺ.

ወ/ሮ ሮግበ ሃይለ ተስፋጽዮን፡ ዝተፈቕደለን ናይ መዕረፊ ኢጋይሸ ንጉዳዊ ትካለን፡ 'ክራውን መዕረፊ ኢጋይሸ (CROWN PENSION) ተባሂሉ ክሰየማለን ስለ ዝሓተታ፡ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ።

ክፍሊ. ወሽጣዊ ንግዲ.

## 2ይ ሓራጅ

ኣብ መንን ብፍ/በ/መሰል ጥዑክ ኣባይትን ንግድን ብፍ/በ/ዕዳ ነፍ/ሄር ክፍሎም ዘርኣይን ብዘተፈጥረ ክርክር፡ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ ብዕለት 03/04/2012 ብቑ/መዝ 266/12 ብዝሃቦ ትእዛዝ መሰረት፡ ኣብ ዓዲ. ተኽሊዛን ዞባ 01 ሎታ 48 ፓርሰል ጁ 3 ተሓጋጋዚ. ክፍሊታት 1 ዓቢ. መኻዚኖን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ብክኢላ መጠነሲ. ዋጋ ብፍርቂ ጉዳሉ ዋጋ 337.620,95 (ሰለስተ ሚእትን ሰላሳን ሸውዓተን ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ዕስራን ናቕፋ ቴስዓን ሓሙሽተን ሳንቲም) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብ'ቲ ዝቐደድ ሓራጅ ክወዳደር ዝደለ፡ ቅድሚ ዕለት ሓራጅ ዘሎ ሓሙሽተ መዓልታት ጀሚሩ፡ ናይ'ቲ ክወዳደረሉ ዝረቑሓ መጠን ገንዘብ ብዘተዓሸገ ሰታሪት ኣብ ቤት ጽሕፈት ፈጻሚ ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወሉ ዕጹው ሳንዱቕ ኢታዊ ይገብር። ብዘተወሳኺ፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት 1/4 ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ኣሰሪሑ ወይ ናይ ጥዑክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ባዕሉ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ሐዙ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል። ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ሓራጅ ኣየቋርጽን።
ዕለት ሓራጅ፡– 20/07/2026
ሰዓት ሓራጅ፡– 3:00-4:00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፡– ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ገበን መጋባእያ ቁ/27
ተወሳኺ. ሓበሬታ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/65 መጺኡ ክውከስ ይኽእል።
ከምኡ'ውን ኣብ ዓዲ. ተኽሊዛን ዞባ 01 ብምኻድ ክዕዘብ ይኽእል።

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ.

ብስም ገብረሂወት ወልዱ ቀለታ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00013766 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ዓዲ. ኢብራሂም ቁ.ገዛ 55 ዝርከብ ናይ ቤት ዕዮ ሕብስትን ምቁር ሕብስትን ትካለይ፡ ንኣቶ መሰረት እምባዬ ምላሹ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዳይፍ ጎደና– ቁ/ገዛ– ካብ ዕለት 01/01/2026 ክሳብ ዕለት 01/01/2035 ኣካርዬዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ገብረሂወት ወልዱ ቀለታ

ሕጋዊ ወኪል ልዋም ገብረሂወት ቀለታ፡ ኣነ ኣመልካቲ መሓመድ ሰዒድ እድሪስ፡ ኣብ ዞባ ማእከል 4+ ኣስመራ 1A138-1 ቁ/ገዛ 22 ፕሎት 18 ቁ/ፓርሰል/ዞን ASP00006517 ፓርሰል Aq1 ዝርከብ፡ ኣብ ሚ/ሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ/ንብረት 1:007106/2 ብስመይ ማለት ብስም መሓመድ ሰዒድ እድሪስ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለ ዝሸጥኩዎ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓኛጊ. ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልታት፡ ሕጊ. ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሐዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርን ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ስም ዋንነት ናብ ስም ዓኛጊ. ከመሓላልፍ ምዃነይ እሕብር።

መሓመድ ሰዒድ እድሪስ
ወኪል ወ/ሮ ረምላ ሰዒድ እድሪስ

ሓጋዚት መጽሓፍ
ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ
(ክፍሊታት 9-12)
Comprehensive Mathematics
Grade 9-12
- Algebra
- Geometry
ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት
ንኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
ሰፊሕን ዓሚቕን ሽፈነ እትህብ
ዓባይን ብልጽትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ
✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጂኦሜትሪን
✓ ብናህ ኣብነታት
✓ ስእላዊ መረዳእታታት
✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
✓ መዘንቲ መላመዲታት
✓ መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትረኽብዎ።

ንዝያዳ ሓበሬታ
07142402 / 07461121

ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: Primary Excavator (PE) Mechanic**

**Department: Mining**
**Section: HME-Maintenance**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Responsible for mechanical activities to maintain and repair HME Primary Excavators (PE).

**Essential Function**

- Ensure the upkeep of the PE fleet to maximize operational reliability and availability

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Follows the daily and weekly schedules
- Ensure all planned Backlog work is completed in timely manner

**Implementation of the Plan**

- Comply to set priority for each day and focus on completing relevant tasks in professional manner.
- Maintain consistent good housekeeping practices.
- Focus on solutions to improve KPI,s of HME Primary excavator fleet in an efficient and effective way to minimise downtime.
- Conduct regular inspections to proactively identify potential issues before they result in breakdowns.
- Optimize downtime by employing the best techniques for repairing breakdowns.
- Ensure strict adherence to safety protocols in the workplace, including leading Field Level Risk Assessments (FLRAs) and using appropriate Personal Protective Equipment (PPE). Promptly report any safety incidents or concerns.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identify and report workplace hazards.
- Perform preventive maintenance through routine inspections, fluid checks, and component replacements to prevent breakdowns and prolong equipment lifespan.
- Troubleshoot complex mechanical, hydraulic, and electrical problems, utilizing advanced problem-solving skills and technical expertise to identify root causes and implement effective solutions.
- Replace defective components using hoists, cranes, hand tools, and power tools.
- Determines changes in dimensional requirements of parts by using rulers; callipers; micrometres; and other measuring instruments.
- Understands and is familiar with basic hydraulic systems.
- Attends technical and other training as required by supervisor.

**Reporting**

- Compile daily progress reports as requested (completing Job Cards).
- Identify and Report any Hazard in the workplace.
- Promptly report any safety concerns.

**Training**

- Engage proactively in training initiatives and actively share knowledge with fellow national team.
- Offer consistent mentorship and guidance to fellow members of the national team.
- Collaborate with colleagues to troubleshoot complex issues and brainstorm effective solutions.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
| --- | --- |
| • Must have formal training as HD Mechanic and record of Primary Excavator experience.<br>• Must be a holder of his country vehicle license<br>• Proven troubleshooting abilities and experience working with diagnostic tools will be advantageous.<br>• Formal CAT Excavator training will be advantageous. (CAT6018, CAT6020, CAT6030, CAT6040). | • A minimum of 5 - 10 years of experience in Heavy Mobile Equipment maintenance within a mining environment, with at least 5 years specifically in this role AS Primary Excavator Mechanic.<br>• Proficiency in technical mechanical, hydraulic, and electrical skills.<br>• Experience working with the following: Cat 6018, Cat 6030, Cat 6040 Excavators<br>• Acceptable knowledge of mining site safety and work execution. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>• Attention to detail & Analytical skill<br>• Mechanical, Hydraulic & Electrical experience<br>• Problem solving / Fault finding skills<br>• Cat SIS / Cat ET<br>• Hydraulic pressure testing and adjusting. | • Communication (English)<br>• Assertiveness<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy<br>• Self-motivation<br>• Team player. |

2. **Position: Auto Electrician**

**Department: Mining**
**Section: HME-Maintenance**
**Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- The primary duty of an Auto Electrician is to use electronic diagnostic equipment to diagnose electrical issues within a vehicle & equipment. Auto electricians are trained to install brand new electrical wiring or manufacture harnesses as needed, replace and repair defective components, as well as maintain, diagnose, and repair already existing electrical components. Auto electricians can work on HME, Support Equipment, lifting equipment and any equipment normally associated with open pit mining.

**Essential Function**

- An auto electrician's tasks typically include Performing electronic diagnostics on vehicles to identify faults. Repairing electrical and electronic faults in vehicles, replacing damaged/faulty parts where necessary. Performing checks and tests to verify the success of repair work. Good strong technical ability.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Planning**

- Follows the "Planned Maintenance Schedule".
- Follows daily job cards.

**Implementation of the Plan**

- Identify the highest priority for each day and focus on completing relevant tasks.
- Ensures good housekeeping.
- Carries out actual maintenance and repairs in an efficient and effective way to minimise downtime. Makes use of Electronic Technical (Cat ET) system to diagnose problems.
- Performs regular inspections to detect potential problems before they cause breakdowns.
- Minimises downtime by ensuring the best techniques are being used to repair breakdowns.

Continued on page 8

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

Continued from pege 7

- Ensure safety requirements are fulfilled at the workplace, including leading Field Level Risk Assessment (FLRA) and proper use of the appropriate PPE. Report any safety issues/incidents.
- Comply with mine's cardinal rules and other safety, environmental or other rules and standards as directed. Identifies any hazards in the workplace.
- Conducts preventative maintenance on the Workshop by checking the following: circuit & wiring diagrams, sketches, operation manuals, manufacturer's instructions and engineering specifications. Troubleshooting malfunctions.
- Carries out "Fault finding" by using relevant testing instruments.
- Removes defective parts and examines form and texture of parts to determine causes of failure.
- Determines changes in dimensional requirements of parts by using relevant measuring instruments.
- Understands and is familiar with basic auto electrical systems.
- Installing new vehicle wiring systems
- Diagnosing electrical issues and proposing a course of action
- Repairing and replacing faulty wiring or electrical systems
- Servicing and repairing electrical systems on a wide range of automotive equipment
- Attends technical and other training as required by supervisor.
- Installing and troubleshooting site radios and fire suppression systems
- Troubleshoot and repair electrical system within the automotive industry.
- Work in confined spaces,
- Carry out any other task as directed by General Foreman or above.

**Reporting**

- Compile daily; progress auto electrical reports as requested.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Proof of trade certification as Auto Electrical Technician or diploma<br>• Any certification on Heavy Mining Equipment Auto Electrical will be advantageous<br>• Must be a holder of his country vehicle license. | • 5 Years experience as Auto Electrician in mining business<br>• 3 Years experience in HME and Support Equipment maintenance<br>• Certificate in Air Condition Maintenance will be advantageous<br>• Certificates for technologies: engine, electricity, air conditioning systems will be advantageous. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Read electrical and hydraulic diagrams<br>• Knowledge of reasons for auto electrical failures<br>• Knowledge of electrical and air conditioning systems<br>• Knowledge of technologies: engine, electricity, air conditioning maintenance and fault finding<br>• Use the technical documentation of the manufacturers<br>• Writing of service reports. | • Independent and responsible, able to make decisions.<br>• Leader, ability to chair meetings<br>• Observer, with a good spirit of analysis and synthesis.<br>• Rigorous, organized, methodical and persistent.<br>• Good interpersonal skills and business-oriented<br>• Ability to impart his knowledge, motivate his teams & High level of accuracy<br>• Mobile, available and motivated<br>• Communication(English)& Assertiveness<br>• Interpersonal Relations & Integrity<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines |

1. **Position: Senior Mining Supervisor**

**Department: Mining**
**Section: Load and Haul**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To manage and coordinate all day-to-day facets of the mining load and haul operation. To effectively support the operational requirements in a safe and cost effectively manner. Knowledge transfer and mentoring is a must in this role to Engineers, Supervisors, Crew Leaders and all Operators.

**Essential Function**

- Ensuring that mining operation outcomes are met through a safe, effective with efficient utilization of resources (human and capital), in accordance with company objectives. Accountable for delivering individual and team production targets, coaching and mentoring the team members for continuous improvement.

**KEY TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Manage daily load & haul mining operations safely and efficiently
- Lead, supervise and mentor engineers, supervisors, and operators
- Ensure production targets, cost control, and equipment utilisation
- Enforce safety, health & environmental standards
- Drive team performance, training, and continuous improvement

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit.
- Multi skilled with previous mining capital projects execution experience.

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • 15 years operational experience complemented with extensive experience as a Supervisor / Superintendent. | • Significant experience in a mining environment<br>• Comprehensive Supervision and leadership skills in international mining operation<br>• Previous expatriate experience<br>• Able to understand priorities and utilize equipment to deliver outcomes as per the mine plan<br>• Extensive experience as an all-round operator. Frontline Management<br>• Supervisors Development Program<br>• Hard rock mining experience<br>• Pit dewatering experience. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy (Word, Excel, Power Point)<br>• Good English written and verbal skills<br>• Certificate 4 Trainer and Assessor<br>• Problem solving and solution implementation<br>• Frontline Management. | • Live and breathe Bisha Core Values<br>• Interpersonal skills<br>• Ability to work under pressure<br>• Results oriented<br>• Good interdepartmental communication<br>• Ability to work in multi-disciplinary environment<br>• A commitment to safe work practices<br>• Self-motivation and organisation and planning skills<br>• A willingness to transfer knowledge to a national workforce<br>• Ability to mentor the workforce. |

**Geberal Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

# ንቓሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ምቅይያር ኩነተ ኣተሓሳስባ

### ምስ ኑብስና ኣዛረብዶ፧ እኳታይ እናበልና፧

ኣብ ሓደ ቦታ ኮፍ ኢልና እንከለና፡ ኣእምሮና ግን ኣብኡ ዘይክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብ ጸጥ ዝበለ ቦታ፡ ኣቐደምና ዝጀመርናዮ ዘረባ ንቕጽሎ፣ ናይ መጻኢ ንሓልም፣ ካልእ ሰብ እንታይ ኮን ይብለና ይህሉ ነሰላሰል፣ ዘመንጉወና እንተ ዘይረኺብና ናብ ህሉው ኩነት ከይተመለና ኮብሊልና ክንውዕልን ክንቕንን ዝገትኣና የለን። ተመራመርቲ ስነ ፍልጠት ስነ መትኒ፡ ሓንጎልና፡ ብኣውተማቲካዊ መገዲ፡ ናብቲ ኣቐዲሙ ዝተወጠነ ምርጫ ወይ ዝተጀመረ ንጥፈት ናይ ምምላስ ክእለት ከም ዘለዎ ንዓመታት ዝኣክል ክጠቕሱ ጸኒሖም እዮም። እዚ ንጥፈት ከኣ ኣስተንትኖ፡ ዝኽረትን ቅጅለትን ከም ዘጠቓልል ይገልጹ። ብሚያዝያ 2026፡ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ሓንጎልና ኣብ መንጎ ክልተ ዝተፈላለየ 'ኩነተ ኣተሓሳስባ' ከም ዝናጠር ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ኩነተ ኣተሓሳስባ፡ 'ንዓለም ወይ ህሉው ኩነት ከም ዘለዎ ምቕባል' እዩ፣ እቲ ካልኣይ ከኣ 'ባዕላዊ ምፍጣር ወይ ምምንጫው' እዩ። እቲ መጽናዕቲ ብተወሳኺ፡ እዚ ክልተ ኩነተ ኣተሓሳስባ'ዚ ኣብ ሓንጎልና ኣብ ዝተፈላለየ ስርዓትን ንኡስ ስርዓትን ከም ዝረከብ የረድእ። እቲ ቀዳማይ 'ተቐባሊ' ኩነተ ኣተሓሳስባ ኣብ ተቐባሊ ዞባ (ማለት ሓበሬታ ዝቕበል ክፋል ሓንጎልና) ከም ዝርከብ፣ እቲ ካልኣይ 'ሰዳዲ' ኩነተ ኣተሓሳስባ ከኣ ኣብ ሰዳዲ ዞባ (ማለት ውሽጣዊ ሓሳብ፡ ዝኽረትን ምንቕቓሕን ዘመንጩው ክፋል ሓንጎልና) ከም ዝርከብ ገሊጾም።



ተቐባሊ ኩነተ ኣተሓሳስባ ንኽንርድኦ ኣጸጋሚ ኣይኮነን፣ ጻዕዳ ሕብሪ እንተ ርኢናዮ ነቲ ዝራእናዮ ከም ዘለዎ ክነለልዮን ክንገልጾን ምኽኣል እዩ። ሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስባ ግን ክትርድኦን ክትገልጾን ኣሸጋሪ እዩ። ምስ ኑብሱ ዝዛረብ ሰብ ምስ እንዕዘብ፡ እቲ ሰብ ዝረኣዮን ዝሰምዖን ነገር ኣሎ። ምስ ኑብስኻ ናይ ምዝራብ ክእለት ንሰብ ዝተዓደለ ፍሉይ ጸጋ እዩ። እቲ ካብ ኣከባቢና ብመገዲ ስምዒት ህዋሳት ዝወሰድናዮ ሓበሬታ፡ ደጊምና ከነመስርሖን ትርጉም ክንህቦን ዝኽእል ክእለት እዩ። እንተኾነ ሓንጎልና ኣብ መንጎ'ዚ ክልተ ኩነተ ኣተሓሳስባ ክቐያይር እንከሎ ከነድህበሉ እንተ ዘይክኢልና ኣብ መንጎ ሓቅን ፈጠራን ክንደናገር ንኽእል ኢና። ስለዚ ሓንጎልና ነቲ ዘሎ ይቕበል ድዩ ዘሎ ወይስ ባዕሉ እዩ ዝፈጥሮ ዘሎ፡ ብኸመይ ክንፈልጥ ንኽእል፧

ሓንጎልና፡ እዚ ክልተ ኩነተ ኣትሓሳስባታት'ዚ፡ ኣብ መስርሕ ፍልቀት፡ ንኽንሰርር ዘዕበዮ ብልሒ እዩ። ብዓይኒ ስነ ፍልቀት ክረአ እንከሎ፡ እዚ ክእለት'ዚ ገዚፍ ናይ ቀጻልነት ብድሆታት ፈቲሑ እዩ። ሰብ ኣብ ህሉው እዋን እንከሎ፡ ንድሕሪት ምልስ ኢሉ፡ ካብ ሕሉፍ ከመሃርን ንመጻኢ ክውጥንን ዘኽኣሎ ኣእምሮኣዊ ምዕባለ እዩ። ሓንጎልና እዚ ክልተ ኩነተ ኣተሓሳስባ ብዝግባእ ንኽንጥቀመሉ ልጓም'ውን ኣማዕቢሉ እዩ። እዚ ልጓም ስለ ዘሎና ከኣ እዩ፡ ኣብ ገለ ግዜ ንህሉው ኩነታት ልዑል ኣድህቦ ንገብር፣ ኣብ ካልእ ግዜ ከኣ ብቕጅለትን ዝኽረትን ንዕዘር። ሰብ ክዛረበና እንከሎ ዝዛረቦ ንሰምዕ፡ ኣዘራርብኡ ንዕዘብ፡ ብኣካላዊ ምንቅስቓስ ዝህቦ ሓበሬታ ከነንብብ ንፍትን፡ ወዘተ፣ እዚ ተቐባሊ ኩነተ ኣተሓሳስባ እዩ። ምስቲ ሰብ ክህልወና ዝኽእል ናይ መጻኢ ዝምድና ኣብ እንሓስበሉ ግዜ ከኣ ንሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስባ ንውልዶ። "ኣብ ዕላልና ካብ ዝተዓዘብክዎ፡ ኣባይ ልዑል ክብረተን ተገዳስነት ኣለዎ፣ ከዕልለኒ እንከሎ ፍሽኽታኡ ባህ ይብለካ፡ ፍቕራዊ ዝምድና ምስ ጀመርና ዝጠዓመ ግዜ ከነሕልፍ ኢና..." እናበለ ሓንጎልና ብሓሳብ ይገይሽ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ዋላ ድኣ ብውሽጥና ንዛረብ እምበር፡ ብደገ ዝንጸባረቕ ምንቅስቓሳት ኣሎ። ገለ ሰብ፡ ከይተረድኦ ዓው ኢሉ ክዛርብ፡ ፍሽኽ ክብልን ካልእ ናይ ገጽ ምቅያራር ከርኢ፡ ኣስተናፍሳኡ ክቕየር፡ ወዘተ ይኽእል እዩ። ሓንጎል ኣብ ሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስባ ምስ ዝጽመድ ነቲ ብደገ ዘሎ ሓበሬታ ክቕበል ኣይክእልን፣ በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ከባቢና ዘሎ ከነስተብህለን ዝበሃለና ክንሰምዕን ዘይንኽእል። እዚ ተርእዮ ንገለ ካልኢታት ወይ ደቓይቕ እንተኾይኑ ከም ንቡር ክንወስዶ ንኽእል። ንነዊሕ ግዜን ብዘይ ናትና ኣድህቦ ምስ ዘይከውን ግን ግቡእ ሕክምናዊ ረድኤት ክነርኽበሉ የድሊ።

ሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስባ ብዘይ ተቐባሊ ኩነተ ኣተሓሳስባ ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ተቐባሊ ኩነተ ኣተሓሳስባ፡ ሓንጎልና ካብ ደጋዊ ዓለም ሓበሬታ ዝወስደሉ ኩነት እዩ። ሓንጎልና ነዚ ኣብ ተቐባሊ ኩነተ ኣተሓሳስባ ዝወሰዶ ሓበሬታ ናብ ሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስባ ወሲዱ የመስርሖ። በዚ መገዲ ከኣ ሓድሽ ሓሳብ፡ ውጥን፡ ቅዲ፡ ጥበብ፡ ወዘተ ክንፈጥር ንኽእል። ስለዚ ክልተኡ ኩነተ ኣተሓሳስባ ኣብ ህይወትና ኣገዳሲ ተራ ኣሎዎ። ነየናይ ኩነተ ኣተሓሳስባ መኣስ ንጥቀመሉን ብኸመይን ምፍላጥ ግን ዝያዳ ኣገዳስነት ኣሎዎ። ኣብ ኣከባቢና ከነድህበሉ ዝግብኣና እዋን ብሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስባ ኣብ ከባቢና ዘጋጥም ዘሎ ከነስተብህል ስለዘይንኽእል ኣብ ሓደጋ'ውን ክንኣቱ ንኽእል ኢና። ነቲ ብተቐባሊ ኩነተ ኣተሓሳስባ ወትሩ እንእክቦ ሓበሬታ ከነስተንትኖ፡ ክንዝክርን ካብኡ ክንመሃር ግዜን ምቹእ ኩነታትን ምስ ዘይንፈጥር ከኣ ኣብ ህይወትና ክንበጽሖ ዝግባእ ደረጃ ብልሕ ኣይክንበጽሕን ኢና። ክንጠቀምሉ እንደሊ ዓይነት ኩነተ ኣተሓሳስባ ባዕልና ኢና ክንመርጽ ዝግባእ። ነየናይ ኩነተ ኣተሓሳስባ ንጥቀም ከምርጽን ኣእምሮና ካብ ሓደ ዓይነት ኩነተ ኣተሓሳስባ ናብ ካልእ ብዘይ ፍቓድናን ኣፍልጦናን ከይናጠር ክንቈጻጸር ብቕዓት ተዓዲልና ኢና። እዚ ብቕዓት ግን በብግዜኡ ክኹስኮስን ክዓብን የድሊ። ብፍላይ ኣብዚ ዘመነ ሓበሬታን ተክኖሎጅን ኣእምሮና ካብ ቊጽጽርና ወጻኢ ክሰርሕን ክናጠርን ኣብ ዝጽለወሉ ዘሎ እዋን፡ ሓንጎልና ብኸመይ ይሰርሕን ብኸመይ ንቈጻጸሮን ምፍላጥን ክእለት ምዕባይን መሰረታዊ ጠለብ ኮይኑ ይርከብ።

ካብ ክቱር ድኻም ገለ ሰባት "ኣካላተይ ምእዛዝ ኣብዩኒ፡" ክብሉ ሰሚዕናዶ ንፈልጥ፧ ኣእምሮና'ውን ካብ ብዝሒ ሓበሬታ ምእካብን ምምስራሕን ደኺሙ ምእዛዝ ይኣቢ እዩ። ሓንጎልና ምስ ዝደክም ገለ ካብቲ እንርእዮ ምልክት ከኣ ብዘይ ፍቓድናን ኣፍልጦናን ኩነተ ኣተሓሳስባ ምቅይያር እዩ። ኣእምሮኣዊ ድኻም ዘሎዎ ሰብ ብተጋጋሚ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ከድህቦ የጸግሞ፡ ናብ ሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስባ ብቐጻሊ ይሳግም፡ ነቲ ብሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስባ ከሰላስሎ ዝጸንሐ ስራሕ ገዲፉ ከኣ ናብ ተቐባሊ ኩነተ ኣተሓሳስባ ይምለስ። እዚ ተርእዮ ንሓንጎል ኣብ ርእሲ'ቲ ደኺምዎ ዘሎ ተወሳኺ ድኻም እዩ። ናብ ዘይተደልየ ሕማምን ጸቕጥን'ውን ከድህብ ይኽእል። ኩነተ ኣተሓሳስባ ክንርዳእ እንተ ደሊና ፈለማ ሓንጎልና ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ ክንርዳእ የድሊ።

## ምስ ኣእምሮናዶ ዋላ ኣኳጸር ኣእምሮና ኣሰርሕ፧

ሓንጎል ሰብ፡ ብተምሳሊት ወሓዚ ማይ ወይ ማዕበል ክግለጽ ንሰምዕ ኢና። ሓሳብ ልክዕ ከም ማዕበል ናይ ፈነወ ኣብ መርበብ ተሳፊሩ ኣብ ህዋ ሓንጎልና እዩ ዘንሳፍፍ። እዚ ንጥፈት ልክዕ ከም ዙረት ደም ዘይፍለጠና፡ ንጥፈታት ሓንጎል'ውን ክሰላሰል እንከሎ ኣይርድእናን እዩ፣ ይኹን እምበር ሓንጎልና ካብ ሓደ ኩነት ናብ ካልእ ኩነት ይቐያይር ከም ዘሎ ከነስተብህል ንኽእል ኢና። ኣብ ጥቓና ዘሎ ሰብ እናኣዕለለና ዘይምስማዕ፡ እንፈልጦ ሰብ ረጊጽካያ ምሕላፍ፡ ሽሓኒ ምሉእ መግቢ በሊዕና ክነስና ዘበላዕና ኮይኑ ዘይምስማዕ፡ ወዘተ፡ ሓንጎልና ኣብ ዝተፈልየ ኩነት ከም ዘሎ ዘብርህ ኣብነታት እዩ። ከምዚ ዝተጠቕሰ ኣጋጣሚታት ሳሕቲ ከጋጥም ንቡር እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ግን ብብዝሒ ከምዚ ዓይነት ምልክታት ይረኣየና ከም ዘሎ ኣስተብሂና ንኸውን ኢና። እዚ ተዳጋጋሚ ምቅይያር ኩነተ ኣተሓሳስባ ብዘይ ቊጽጽርና ይካየድ ምህላዉ ከኣ የሰግኣና እዩ።

ሓንጎልና ዘደለናዮ ጥራይ ክሓስብን ክሰርሕን፡ ዘደለናዮ ኩነተ ኣተሓሳስባ ጥራይ ክመርጽ፡ ካብ ሓሳብ ከነዕርፍ ምስ እንደሊ ከኣ ዕረፍቲ ክህበና ክቱር ባህጊ ኣሎና። ነዚ ባህጊ ተግባራዊ ንምግባር ከኣ ብርክት ዝበለ ተበግሶታት ንወስድ ንኸውን ኢና። እዚ ተበግሶታት ዕዉት ከኸውን ግን ምስ ኣእምሮና ተሳኒና ክንዓዪ የድሊ። ዕላማና ሓሳብ ደው ንምባል ዘይኮነ፡ ተዓጻጻፍነትን ሚዛናውነትን ንምዕባይ እዩ። ነዚ ዝሕግዝ ሜላታት እምበኣር፤

### ንሓንጎልና እንምግቦ ነገር ምጒዳል

ሓንጎልን ከሰዐን ሓደ መስርሕ እዩ ዝኽተል። ክስዕ ዝበላዕናዮ ጥሒና ከተምስርሕ ኣሎዋ። ዋላ ጸጊብና እንከለና እንተ በሊዕና ስራሓ ኣይተቋርጽን እያ። ዘየድልየና መግቢ ምስ እንበል'ውን ምሕቃቕ ኣይትገድፍ። ሓንጎል ከኣ ብተመሳሳሊ ኩሉ ብመገዲ ናይ ስምዒት ህዋሳት ዝምገቦ ሓበሬታ ከሕቅቕን ከመስርሕ እዩ ስራሑ። ስለዚ "ተረኽበ" ኢልና ሓበሬታ ንግፍጥ እንተ ኮይና፡ ሓንጎልና ነቲ ዝተመገቦ ሓበሬታ ከመስርሕ ክሃልኽ እዩ። ሓደ ካብ ብድሆታት እዚ ዘመን'ዚ፡ ዘመኑ ዘመነ ሓበሬታ ምስ ምዃኑ እልቢ ዘይብሉ ሓበሬታ'ዩ ዘሎ። ንሕና ከኣ ዘድልየና ጥራይ ናይ ምውሳድ ክእለት ኣየዕበናን ዘሎና። እዚ ከኣ ጠንቂ ዘንቈጻጸሮ ነውጺ ኣእምሮ ኮይኑ ይርከብ። ስለዚ ጥዕና ኣእምሮና ንሕላው ዝተመጣጠነ ሓበሬታ ንውሰድ።

### ኣድህቦ ንምዕባይ ሓንጎልና ምስልጣን

ኣብ ክልተኡ ኩነተ ኣተሓሳስባ ኣድህቦ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ሓንጎልና ካብ ደገ ሓበሬታ ክእክብ እንከሎ ብኣድህቦ ክስነ የድሊ። ሓንጎልና ኣበየናይ ኩነተ ኣተሓሳስባ ምህላዉ ክንፈልጥን ክንቈጻጸርን'ውን ኣድህቦ የድሊ። ሓንጎልና ናይ ምድሃብ ትዕድልቲ ኣለዎ። ንገለ ግዜ ኣብ ሓደ ነገር ክድህብ ግን ምልምማድ የድልዮ።

### ግብራዊ ንጥፈታት ምዘውታር

ድጂታላዊ ዓለም ዳርጋ ኩሉ ቅዲ ህይወትና ከም ንቕይር ገይሩ እዩ። ኣብ ሓንጎልና ዘሎዎ ጽልዋ ግን ካብቲ ክረአ ዝኽእል ሳዕቤን ዝበኣሰ ክኸውን ከም ዝኽእል ተመራመርቲ ይኽብሩ። እቲ ብድጅታላዊ ዓለም ዝምንጩ ሓሳብን ስምዒትን ከምቲ ብግብራዊ ንጥፈታት ዝድረኽ ስምዒት ሓሳብ ዝመሳሰል ይኹን እምበር ዝተፈላለየ ስርዓት እዩ ዘበራብር። ንኣብነት ምስ እነፍቅሮ ሰብ ብኣካል ከነዕልል እንከለናን ብድምጺ ወይ ቪድዮ ተሰኒናን ከነዕልል እንከለናን ተመሳሳሊ ስምዒት ኣይኮነን። ግብራዊ ንጥፈታት ካብ ድጅታላዊ ንላዕሊ ቀዋሚ ዝኽረት፡ ሓሳብን ምንቕቓሕን ስለዘመንጩ ዝያዳ ሓይልና ኣብ ግብራዊ ንጥፈታት ደኣ ይኹን።

ሓንጎል ሰብ ካብ ደጋዊ ዓለም ወሲዱ ናብ ውሽጢ ብምእታው ትርጉም ከም ዘምስርሕ ተገይሩ እዩ ዲዛይን ኮይኑ። ይኹን እምበር ዘመናዊ ባህሊ፡ ሓንጎልና ኣብ ሰዳዲ ኩነተ ኣተሓሳስሰባ ክንጽመድ፡ ብፍላይ ብዛዕባ ነብስና ጥራይ ክንሓስብ ገይሩና ይርከብ። እዚ ከኣ ነቲ ምስ ከባቢና ተወሃሂድናን ተሓጋጊዝናን ክንነብሮ ዝግባእ ህይወት ኣብ ሓደጋ ከእቱ ይኽእል እዩ።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ማእከል፡ ንኣሰልጠንትን ኣትለታትን ሕክምናዊ ስልጠና ተዋሂቡ

ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ምስ መሻርኽቱ ኣካላት ሕክምና ብምውህሃድ፡ ን23 ኣሰልጠንትን ዓበይቲ ኣትሌታትን ዞባ መደኻሪታትን ሳዕቤናቶምን ኣብ ጥዕና፡ ኣካላዊ ፍወሳን ማሳጅን ከምኡ'ውን ስነ-ልቦና ስፖርትን ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣትሌታት ዝኾነ ስልጠና ከም ዝቐሰሙ ብምርዳእ፡ ናብ ማዕኩላቶም ኣብ ትሕቲኦም ዝሰልጥኑን ከሲግርዎ ምኳኖም ሓቢሮም።



ማእከል፡ ስልጠና ሕክምና ስፖርት ወዲቡ።

ኣብዚ ካብ 1 ክሳዕ 4 ሰነ ኣብ ኣስመራ ብክኢላታት ሕክምና ዝተወሃበ ስልጠና፡ ሓፈሻዊ ጥዕናዊ ጸገማት ኣብ ስፖርት፡ መሰረታዊ ኣፍልጦ ቀዳማይ ረዲኤት፡ ኣመጋግባ፡ ሜላን ኣፍልጦን ሓይሊ ዝሀቡ ዘጋጥሙ ስሉሳዊ ጉድኣታትን ካልእን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኑቲ ስልጠና ዝወሰዱ ኣሰልጠንትን ኣትሌታትን ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ኣብዚ ዓውዲ ዝጸንሖም ኣፍልጦ ደናት ከም ዝበረ ብምግላጽ፡ ኣብ ሞያኦም ሓጊዚ

ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ዞባ ማእከል ብዮጉዳኡ እዚ ስልጠና ንዝዘቡ ክኢላታት ሕክምና ብምምስጋን ዓቕሚ ኣሰልጠንትን ኣትሌታትን ዞባ ማእከል ንምጉልባት፡ ኣብ ዝቐጽል ከምዚን ካልእን ስልጠናታት ክውድብ ምኳኑ ሓቢሩ።

## ብመብጽዓ ዝተመልአ ፕረዚደንታዊ ውድድር ርያል ማድሪድ

መንበር ምስልጣን ርያል ማድሪድ ንምሓዝ ዝግበር ዘሎ ቅልስ ኣብ ዝልዓለ ጥርዙ በጺሑ ደርኩቡ፡ ኣብ መንጎ ወዲ 79 ዓመት ፍሎረንቲ ፐረዝን ወዲ 37 ዓመት ኤንሪክ ሪክልምን።

ኤንሪክ ሪክልም ስም ኤርሊንግ ሃላንድ ዝተጻሕፈ ማልያ ሒዙ፡ "ኣነ ፕረዚደንት ርያል ማድሪድ ኮይነ እንተ ተመሪጸ ካብ ማንቸስተር ሲቲ ንሃላንድን ሮድሪን ክምጽኦም'የ። ኣሰልጣኒ ድማ የርገን ክሎፕ ክጉበሮ'ዩ" ብምባል ቀልቢ መረጽቲ ኣባላት ርያል ማድሪድ ክስሕብ ይፍትን ኣሎ። ምስ ሃላንድ ቅርበት ዘለዎም ኣካላትን ማንቸስተር ሲቲን ግን ናይ ሪክልም ሓሳብ ዘይኾነ'ዩ። ዝተፈላለዩ ወገናት ድማ "ኣካል ናይቲ ጸወታ'ዩ" ብምባል ካብ ተራ ባህጊ ዘይሓልፍ ምኳኑ ይገልጹ። ይኹን እምበር ኤንሪክ ሪክልም ግን ንውሳነ ማንቸስተር ሲቲ ከም ዘኽብር ብምግላጽ፡ ኣብ ሓሳቡ ጽኑዕ ከም ዘሎ ይገልጽ። ሀጡር ገዝቡ ድማ ከም መእመኒ ኣብ ቅድሚት የምጽኦ ኣሎ። ንሱ፡ "እዚ ውጥን ኣነ ዘይኣምነሉ እንተኾይነ ካልኣት ክኣምንዎ ክጉበር ኣይክእልን'የ" ብምባል፡



"ንኹሎም ኣባላት ውሕስነት ይቐርበሎም። ኣነ ፕረዚደንት ኮይነ እንተተመሪጸ ዝኣተኽዎ መብጽዓ ከየተግበርኩ እንተተሪፈ ካብ ውልቃዊ ገዝበይ ናይ 100 ሽሕ ኣባላት ርያል ማድሪድ ወጻኢታት ክኸፍል'የ፡" ይብል። እቲ ክፍሊት 15 ሚልዮን ዩሮ ይበጽሕ።

መንበሩ ንምሕላው ዝቃለስ ዘሎ ፍሎረንቲኖ ፐረዝ ብወገኑ፡ ንዘመጽእ ወቕቲ ብሉጽ ተጻዋታይ ከፈርም ምኳኑ ብምግላጽ፡ "ብሉጻት ተጻወትቲ ንርያል ማድሪድ ክጻወቱ ከም ዝደልዩ ጸቡቕ ገይረ እፈልጥ'የ። ክጉበሮ ድማ'የ... ካልእ ብሉጽ ተጻዋታይ ከምጽእ'የ" ብምባል መብጽዓ ይኣቱ ኣሎ።

ብመብጽዓ ተመሊኡ ርሱን ውድድር ዝኣንገደ ዘሎ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ርያል ማድሪድ፡ ሰንበት 7 ሰነ ክውሰን'ዩ። ብድሕሪዚ ከኣ እዞም ዝርቀሑ ዘለዉ ስሙያት ተጻወትቲን ኣሰልጠንትን ናብ ርያል ማድሪድ ዝጽንበሩ እንተኾይኖም ሓቢርና ክንርእዮ ኢና።

## መሲ፡ ሽልማት 'ልእልቲ ኣስቱርዮስ' ዓቲሩ

ኣርጀንቲናዊ ተጻዋታይ ኢንተር ማያሚ ልዮነል መሲ፡ ኣብ ስጳኛ ካብ ዝውሃብ ዝልዓለ ሽልማት ዝኾነ ሽልማት ልእልቲ ኣስቱርያስ 2026 ወሲዱ። በዚ ከኣ ናይ ፈለማ ብውልቂ ነዚ ሽልማት ዝዓተረ ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ክኸውን በቒዑ ደርኩቡ።

መሲ፡ ሽልማት ልእልቲ ኣስቱርያስ ዝተወሃቦ፡ ኣብ ታሪኽ ስፖርት ንዘገበሮ ልዑል ኣስተዋጽኦ ኣፍልጦ ንምሃብ'ዩ።

ወዲ 38 ዓመት ልዮነል መሲ፡ ብፍሉይ ውልቃዊ ብቕዓትን ካብ ሜዳ ወጻኢ ብዘሬጠሮ ጽልዋን ብርክት ዝበሉ ሽልማታት ብምዕታር፡ መግለጺ ዘመናዊ ኩዕሶ እግሪ ክኸውን ክኢሉ ዘሎ'ዩ።

ኮሚቲ ሽልማት ልእልቲ ኣስቱርያስ ብዛዕባ እዚ ንመሲ ዝተወሃበ ሽልማት ኣመልኪቶም ኣብ ዘውጽእዎ መግለጺ፡ "ብኣደናቒ ተወህቦኡ፡ ፍሉይ ስፖርታዊ ጉዕዞኡ፡ ንዘተዋሰኡ ቁልዑ ትምህርትን ሕክምናን ንኽረኽቡ ዝጉበሮ ዘሎ ዕዙዝ ናይ ልግሲ ኣበርክቶን'ዩ" ክብል ገሊጹ።



መሲ ብወገኑ፡ ኣብ ሜዳን ካብ ሜዳ ወጻእን ንዘገብሮ ዘሎ ዕዮ ኣፍልጦ ንምሃብ ዝ ሽልማት ምዕታሩ፡ "ሕጉሰን ከኑዕን'የ" ብምባል ሓሳቡ ሂቡ።

መሲ፡ ምስ ሃገሩን ክለቡን ብምኳኑ ብርክት ዝበሉ ዓወታት ክጉናጸፍ ብምኽኣሉ'ዩ እዚ ሽልማት ክዕትር ክኢሉ።

ሽልማት ልእልቲ ኣስቱርያስ፡ ኣብ ዓውዲ ጥበብ፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት፡ ስነ-ፍልጠታውን ተክኖሎጂያዊን ምርምር ከምኡ'ውን ዓለማዊ ምትሕብባርን ስፖርትን ፍሉይ ኣበርክቶ ንዘገበሩ ውልቀ-ሰባትን ትካላትን ዝበርከት ሽልማት'ዩ። ራፋኤል ናዳል፡ ማይክል ሹማኸር፡ ሰሬና ዊልያምስ፡ ኤሉድ ኪፕቾገ ገለ ካብቶም ሽልማት ልእልቲ ኣስቱርያስ ዓቲሮም ዝበሩ ስፖርታውያን እዮም።

## ውድድራት ባድሚንቶን ዞባ ማእከል ይቕጽል ኣሎ

ፌደረሽን ባድሚንቶን ዞባ ማእከል፡ ካብ 16 ግንቦት ኣትሒዙ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ዘካይዶ ዘሎ ውድድራት ባድሚንቶን፡ ሰለስ ብዝካየዶ ውድድራት ቀጺሉ ወዒሉ።

ተወዳዳሪቲ ልዕሊ 19 ዓመት ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዘካየድዎ ጸወታ፡ ሳሙኤል ተስፋማርያም ንሲራክ ተኸሊት፡ ራእይ የናስ ንተማስገን ዑቕባሚካኤል፡ ብንያም ከስተ ንሚካኤል ሰለሙን ብተመሳሳሊ ወጽኢት ናይ 2-0 ዓወት ኣመዝጊቦም። ሜሮን ሚካኤል ምስ የናታን ጉይትኦም ኣብ ዘካየድዎ ጸወታ ድማ፡ ሜሮን ሚካኤል ንመጋጥምቱ 2-1 ስዒሩዎ።

እዚ ዝካየድ ዘሎ ውድድራት ባድሚንቶን፡ ኣብ ሰለስተ ክሊ ዕድመ ማለት፡ ትሕቲ 15ን 19ን ዓመት ከምኡ'ውን ልዕሊ 19 ዓመት ብዝካየድ ግጥማት ንጥፈታቱ የሰላስል ኣሎ። ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ግጥማት፡ ተወዳደርቲ ኣብ ርእሲ'ቲ ብንጽል ዝካየድ ጸወታ፡ ብድርብ ከምኡ'ውን ብሕውስዋስ (ብክልቲኦም ጾታ ብዝቖሙ) ውድድራቶም የሰላስሉ ኣለዉ።

ውድድራት ባድሚንቶን ሎሚ ዓርቢ'ውን ካብ ሰዓት 2:00 ድ.ቐ ኣትሒዙ ኣብ ጀምናዝዮም ሃማመተኤ ብዝተፈላለየ ውድድራት ቀጺሉ ክውዕል ምኳኑ ህዝባዊ ርክብ ናይቲ ፌደረሽን ኣብ ዝለኣኸልና ሓበሬታ ገሊጹ።

## ሃንሲ ፍሊክ፡ ደጊሙ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ላሊጋ ተባሂሉ

ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ሃንሲ ፍሊክ፡ ሎሚ ዓመት ጋንታኡ ኣከታቲላ ዕውትቲ ላሊጋ ክትከውን ብዘበርክቶ ኣበርክቶ፡ ብሉጽ ኣሰልጣኒ ላሊጋ ዓመት ስፖርት 2025-26 ኮይኑ ተረቝሑ። ዝሓለፈ ዓመት'ውን ዚ ሽልማት ዝጠቕየ ባዕሉ'ዩ ነይሩ።



ላሊጋ ብወግዒ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፣ ሃንሲ ፍሊክ ብዘርኸቦ ድምጺ፡ ኑቶም ምስኡ ኣብ ፍጻመ ዝበጽሑ ናይ ጌታፌ ኣሰልጣኒ ሀዜ ቦርዳላስን ናይ ቪላርያል ኣሰልጣኒ ማርሴሎን በሊጹ'ዩ ነዚ ሽልማት በቒዑ።

ጀርመናዊ ሃንሲ ፍሊክ፡ ባርሴሎና ካብ 38 ግጥማት ላሊጋ፡ ኣብ 6 ግጥማት ጥራሕ ተሳዒራ፡ 95 ሸቶታት ብምቑጻር 94 ነጥቢ ኣኪባ ጸዋእ ላሊጋ ክተልዕል ኣኽኢልዋ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሓደ ወቕቲ ስፖርት ኣብ ሜዳኣ ዘተኻየደ 19 ግጥማት ተዓዊታትሉ ዘወጸኣት ናይ ፈለማ ክለብ ብምኳን ታሪኽ ከተጽሕፍ'ውን ኣኽኢልዋ'ዩ።

ፍሊክ፡ ንባርሴሎና መሪሑ ኣብዚ ዓመት ኣብ ኩሉ ውድድራት 57 ግጥማት ኣካዪዱ። ካብዚ ድማ፡ ኣብ 44 ግጥማት ተዓዊቱ ክወጽእ እንከሎ፡ ኣብ ሰለስተ ማዕረ ብምውጻእ፡ ኣብ 10 ግጥማት ከኣ ተሳዒሩ። ሃንስ ፍሊክ፡ ኣብዘ ዓመት ኑታ መቐናቕንቲ ባርሴሎና ዝኾነት ርያል ማድሪድ ብምብዳህ፡ ጉይታ መድረኽ ላሊጋ ምኳኑ ኣማስኪሩ'ዩ። ይኹን እምበር፡ ኑታ ኣብ ሃገራዊ ውድድራት ዕውትቲ ዝነበረ ባርሴሎና፡ ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኻት ግን ንኻልኣይ ግዜኡ ባህጋ ከሰምር ኣይከኣለን። ዘቤታዊ ዕብለላኣም ኣብ ዓለማዊ መድረኻት ንምድጋም ከኣ ካብ ሕጂ ጀሚሩ መሳርዕ ባርሴሎና ኣብ ምድልዳል ተጸሚዱ ደርኩቡ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **ዘመን ኣረዶላ ኣብ ሊቨርፑል ፈሊሙ**

ንኣርነ ስሎት ዘብረረት ሊቨርፑል፡ ምስ ኣንዶኒ ኣረዶላ ድሕሪ ዝበረቶ ስምምዕ ኣሰልጣኒኣ ክኸውን መዚዛቶ።

ኣረዶላ፡ ምስ ቦርንማውዝ ብምኳኑ ልዑል ጸዓት፡ ኣብ ፍጥነት ዝተመርኮሰ ንቕድሚት ዝዝከዮስ ጥበብ፡ ተቓላሲ ቅዲ ብምኽታል ብሉጽ ወጽኢት ከመዝግብ ክኢሉ'ዩ። እዚ ጥበብ ኣጸዋውታኡ፡ ሊቨርፑል ትደልዮ ብምኳኑ ድማ፡ ተመሪጹ ኣሰልጣኒ ገይራቶ ጸኒሓ።

ኣርያላ፡ ምስ ሊቨርፑል ድሕሪ ዝገበሮ ስምምዕ ትማሊ ብርዕን ወረቐትን ብምርኻቡ፡ ክሳዕ ሰነ 2028 ዓላሚ ሊቨርፑል ክኸውን'ዩ። በዚ መሰረት ምስቲ ኣብ 2023 ናብ ቦርንማውዝ ዘምጽኦ ኣብዚ ግዜ ዳይረክተር ስፖርት ሊቨርፑል ኮይኑ ዘሎ፡ ሪቻርድ ሁገስ ደጊሙ ክራኸብ'ዩ።

- **ጀሱስ ናብ ኤቨርተን**

ኤቨርተን ብዙሓ ሸቶታት ንምርካብ፡ ኣብ ክራማት ንናይ ኣርሰናል ጋብሪኤል ጀሱስ ንምፍራም ዕላማ ገይራ ከም ዘላ ተገሊጹ። ኤቨርተን ንናይ ምጥቃዕ ጸገማታ ንምፍታሕ ኣብ ጀሱስ ኣተኩሮ ብምግባር፡ ኣብ ደሞዙ፡ ኣካላዊ ብቕዓቱ፡ መጻኢቲ እኳ ተካይድ እንተላ፡ ንምስምማዕ እትሕተቶ ዋጋ ግን ጸገም ኮይኑዋ ከም ዘሎ ይሕበር።

ኣርሰናል፡ ምስዚ ወዲ 29 ዓመት ብራዚላዊ ኣጥቃዓይ ክትፈላለ ወሲናኳ እንተሃለወት፡ እቲ መዲብትሉ ዘላ 20 ሚልዮን ፓውንድ ናይ መሸጣ ዋጋ ግን፡ ኤቨርተን ክትከፍሎ ድሌት ዘለዋ ኣይትመስልን።

- **ሲቲ፡ ቀዳመይቲ ክትከውን ይግባእ ነይሩ**

ትማሊ ፋብሪዝ ሮማኖ፡ ካብ 'ዝ ኣትሌቲክ ሪፖርት' ዝተረኽበ ሓበሬታ ኢሉ ኣብ ዝርገሐ ጽሑፍ፡ ኣብ 2025-26 ንፍጹም ቅላዕ ቀይሕ ካርድ ከምኡ'ውን ናብ ሸቶ እናተኸደ ዝተጉበረ በደል ሓዊሱ፡ ወሰንቲ ፍጻመታት ዳህሰስ ከም ዝተጉበረ ብምሕባር፡ ኣብ መወዳእታ ማንቸስተር ሲቲ ንፕሪመር ሊግ ክትመርሓ ከም ዝነበራ ተደምዲሙ ክብል ገሊጹ። ፋብሪዝ ክልተ ወሰንቲ ፍጻመታት ከም ኣብኦት ጠቒሱ ደርኩቡ፡ ንሳተን፡ ሓንቲ ሲቲ ኣብቲ ብማንቸስተር ዩናይትድ 2-0 ዝተሰዓረትሉ ግጥም፡ ዱሎት ድሕሪ 10 ደቒቕ ብዝሬጸሞ በደል ብቐይሕ ካርድ ክብረር ነይሩዎ። ካልኣይቲ ድማ፡ ኣብቲ ሲቲ ብኒውካስል 2-1 ዝተሰዓረትሉ ግጥም ማንቸስተር ሲቲ ፍጹም ቅላዕ ክትወሃባ ከም ዝበራ ገሊጹ። በዚ ኸኣ ማንቸስተር ሲቲ ንኣርሰናል ብክልተ ነጥቢ ክትመርሓ ተኽእሎ ከም ዝበረ ሓቢሩ። ምስዚስ ትሰማምዑ ዶ፧

- **ደላፕ ዓቕሙ ክርእዩ ይደሊ**

ሊያም ደላፕ፡ ኑቲ ዘወርዶ ዘሎ ነቐፌታታት ሸለል ብምባል፡ ኣብ ትሕቲ ዣቪ ኣሎንሶ ኩይኑ ዓቕሙ ክርኢ ምስ ቸልሲ ተወሳኺ ወቕቲ ክጸንሕ ከም ዝደሊ ገሊጹ።

ወዲ 23 ዓመት ሊያም ደላፕ፡ ልዑል ትጽቢት ተገይሩሉ ናብ ቸልሲ'ኳ እንተመጸኡ፡ ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ እቲ ዝተገበረሉ ትጽቢት ክምልስ ኣይከኣለን። ካብ ተሳትፎ ኣብ 41 ግጥማት ክልተ ሸቶ ጥራሕ'ዩ ኣመዝጊቡ። ደላፕ፡ ኣብቲ ዝጻወተሉ መስመር ሓያል ውድድር ከም ዘሎ እናፈለጠ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ'ቲ ሓድሽ ሓምለ ስርሑ ዝጀምር ኣሎንሶ፡ ብቕዓት ክርኢ ደሊዩ ከም ዘሎ ይሕበር።


# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ባይቶ ኣመሪካ፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ንዝውሰድ ስጉምቲ ገደብ ዝገብር ውሳነ ኣሕሊፉ

ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኣመሪካ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብዘይፍቓድ ታሕተዋይ ባይቶ ናይታ ሃገር፡ ኣብ ልዕሊ ኢራን ተወሳኺ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ንኸይወስድ ዝዕንቅጽ ውሳነ ከም ዘሕለፈ ኣፍሊጡ።

ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብ መወዳእታ ለካቲት ምስ እስራኤል ብምትሕብባር ኣብ ልዕሊ ኢራን ዝጀመሮ መጥቃዕቲ፡ ምስ ሕግን መምርሕን ዘወጽኡ ላዕለዎት ኣባላት ባይቶ ከይተማኸረ ከም ዘጠሎ እዩም ምንጨታት ዝሕብሩ።



ብመሰረት ፈደራዊ ሕጊ ኣመሪካ ከኣ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ኑቶም ናብ ኢራን ዝለኣኾም ሰራዊቱ ኣብ'ተን ቀዳሞት 60 መዓልታት ክስሕቦም ግዴታ ነይሩዎ።

እንተኾነ፡ ኣብ መጀመርያ ሚያዝያ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ብዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ መሰረት፡ ኑቲ ናይ ግዜ ገደብ ሓደ ኢሉ ከም ዝጀምር እዩ ጸሓፊ ክፍሊ ወጻኢ ኣመሪካ ፒት ሄግሰት ኣብ ግዜኡ ኣፍሊጡ ነይሩ።

እቲ ታሕተዋይ ባይቶ ኣሕሊፍዎ ዘሎ ውሳነ ተግባራዊ ክኸውን እንተ ኾይኑ፡ ካብ ላዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ ደገፍ ክረክብ ከም ዘለዎ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።

ገለ ተዓዘብቲ ግና፡ እቲ ተግባራዊ ዘይኮነ ዘሎ ውሳኔ፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ንሰላም ኣመልኪቱ ኣብ ዝቐጽል ዘተ ኣሉታዊ ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል እዮም ዘጠንቅቑ።

ዋሽንግተንን ጣህራንን፡ ኑቲ ኣብ መንጎኦን ዝቕጽል ዘሎ ኩናት ደው ንምባል፡ ተሰኑ ዝሁብ ዘተታት የካይዳ ምህላወን ይሕብር።

## ሊባኖስን እስራኤልን፡ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንምትግባር ተረዳዲኦን

ሊባኖስን እስራኤልን፡ ኣብ መንጎኦን ዝተበጽሐ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ንምትግባር ተረዳዲኦን።

እዚ ዝተገልጸ ወከልቲ ክልቲኤን ሃገራት ብመንጎኛነት ኣመሪካ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ኣብ ዘካየድዎ ራብዓይ ዙርያ ዝርርብ'ዩ።

እቲ ስምምዕ፡ ምንቅስቓስ ሕዝቡላህን ካልኦት ዕጡቓትን ካብ ደቡባዊ ሊባኖስ ጠቕሊሉ'ም ክወጹን መጥቃዕቲታቶም ደው ክብሉን ዝጠልብ'ዩ።

እስራኤልን ሊባኖስን፡ ኣብ ኩሉመዳያዊ ስምምዕ ንምብጻሕ ዝዕለመ ሓሙሻይ ዙርያ ፖለቲካውን ጸጥታውን ዝርርብ፡ ኣብ መወዳእታ ናይ'ዚ ወርሒ ክካየዳ መደብ ኣለወን።

ክልቲኤን ሃገራት፡ ብ14ን 15ን ግንቦት ኣብ ዋሽንግተን ኣብ ዘካየድኦ ሳልሳይ ዙርያ ዝርርብ፡ ኣብ መንጎኦን ንዝተበጽሐ ግዝያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተዃቡ ብ45



መዓልታት ከም ዘናውሓኦ ዝዘከር'ዩ።

ይኹን'ምበር፡ እስራኤል ኑቲ ስምምዕ ብተደጋጋሚ ክትጥሕሶ ከም ዝጸንሐት'ያ እትውቀስ።

እስራኤል፡ ካብ መጀመርያ መጋቢት 2026 ኣትሒዛ ኣብ ልዕሊ ሊባኖስ ክተካይዶ ብዝጸንሐት ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት፡ ዛጊት ልዕሊ 3,500 ሰባት ክቕተሉ እንከለዉ፡ ካልኦት ልዕሊ 10 ሽሕ ከኣ ከም ዝቖሰሉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ህንድን ቬንዙዌላን፡ ኣብ ጸዓት ዘለወን ዝምድና ንምሕያል ይዝትያ

ግዜያዊት ፕረዚደንት ቬንዙዌላ ደልሲይ ሮድሪገዝ፡ ሃገራ ምስ ህንዲ ኣብ ጽላት ጸዓት ዘለዋ ዝምድና ንምሕያል ዝዓለመ ዑደት ንምፍጻም ናብ ኒው ደልሂ ብምምራሕ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ህንዲ ናሬንድራ ሞዲ ከም ዝተዘራረበት ተሓቢሩ።

ኣብዚ ብሰንኪ ኩናት ማእከላይ ምብራቕ ቅልውላው ጸዓት ብደረጃ ኣህጉር ኣጋጢሙሉ ዘሎ እዋን፡ ቬንዙዌላ ንህንዲ ከም ቀዳመይቲ መሻርኽቲ ከም እትርእያ እያም መራሕቲ ህንዲ ዝገለጹ ዘለዉ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ህንዲ፡ ዝርርብ ናይ'ቶም መራሕቲ ኣብ ፕሮጀክትታት ጸዓት ክህሉ ብዛዕባ




ዝሃቦኦ ምትሕብባር ዘዘኻረ ምንባሩ ኣዝዩሩ።

ግዜያዊት ፕረዚደንት ቬንዙዌላ፡ ኣብቲ ክሳብ 7 ሰነ ኣብ ህንዲ እተካይዶ ዑደት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መጻረዪ ነዳዲ ናይታ ሃገር ክትበጽሕ ምኳና ተፈሊጡ ኣሎ።

ብመሰረት ሮይተርስ ዘውጸኦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት፡ ህንዲ መዓልታዊ 427 ሽሕ በርሚል ነዳዲ ካብ ቬንዙዌላ ሸሚታ።

ኣመሪካ እታ ዝዓበየት ሸማቲት ነዳዲ ቬንዙዌላ ክትከውን እንከላ፡ ህንዲ ድማ ንዓኣ ተኸቲላ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዓ ትርከብ።

ዝሓለፈ ዓመት፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ቬንዙዌላ ነዳዲ ዝሸምታ ሃገራት ድሕሪ ዘጽደቐ ናይ 25 ሚእታዊት ቀረጽ ኣብ ልዕሊ ንግዳዊ ፍርያት፡ ህንዲ ካብታ ሃገር እተእትዎ ዝነበረት ነዳዲ ከተቋርጾ ምግዳዳ ዝዝከር እዩ።

ይኹን'ምበር፡ ዝሓለፈ ለካቲት ኣብ መንጎ ዋሽንግተንን ካራካስን ድሕሪ ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ህንዲ ከም እንደገና ነዳዲ ቬንዙዌላ ከተእቱ ከም ዝጀመረት፡ ምንጨታት ይሕብሩ።

## መራሒ ሰሜን ኮርያ፡ ዓቕን ኣጽዋር ሃገሩ ክሰፍሕ ጸዊዑ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን፡ ስርሑ ኣብ ዝጀመረ ሓዱሽ ፋብሪካ መፍረ ንዩክሌሳዊ ንበረት ዑደት ኣብ ዘካየደሉ ዝነበረ እዋን፡ ዓቕን ኣቶማዊ ኣጽዋር ሃገሩ ብዓይነትን ብዝሕን ክሰፍሕ ከም ዝጸወዐ፡ መንግስታዊ ማዕከን ዜና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።




ኪም ጆንግ ኡን፡ ናይ ነዊሕ እዋን ስትራተጂያዊ ሸቶታት ሰሜን ኮርያ ንምውቃዕ፡ ኣብ ምፍራይ ንዩክሌሳዊ ኣጽዋር ንዘለዎ ሰብ ስልጣን ሃገሩ፡ ፍርያቶም ክዕብዩ መምርሒ ከም ዝሃበ፡ እታ ኬይ.ሲ.ኤን.ኤይ. ዝተባህለት ማዕከን ዜና ኣፍሊጣ።

እቲ መራሒ፡ ንስግኣታት ጸጥታን ምፍጣጥ ዓበይቲ ሃገራትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ምዕባይ ዓቕን ዝፈሪ ኣጽዋር ኣገዳሲ ኮይኑ ከም ዝረኸቦ ኣብቲ ዑደት ገሊጹ።

ሰሜን ኮርያ፡ ንንዩክሌሳዊ ዓቕማ ኣመልኪታ ዝኾነ ወግዓዊ ሓበሬታ እኳ እንተ ዘይሃበት፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ግምገማ ግን፡ እታ ሃገር ኣስታት 50 ንዩክሌሳዊ ቦምባታት ትውንን።

## ስሪላንካ - ሓደጋ ባርዕ ህይወት 12 ሰባት ለኪሙ

ኣብ ስሪላንካ ኣብ ዝርከብ መእለዪ ኣረጋውያን ብዘጋጠመ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ፡ 12 ሰባት ከም ዝሞቱ ሰበ ስልጣን ናይቲ ከባቢ ትማሊ ሓሙስ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ፡ ካልኦት ሸሞንተ ሰባት እውን ቡቲ ሓደጋ ቆሲሎም ከም ዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

ጠንቂ ናይቲ ባርዕ ሓዊ ንጹር ከም ዘይኮነ ዝገለጸ ፖሊስ ናይቲ ከባቢ፡ ኣካያዲ ናይቲ 'ኣንገሩዋቶታ' ዝተባህለ መእለዩ ኣረጋውያን ግና ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከም ዝኣተወ ኣዚዩሩ።

ፖሊስ ወሲኹ፡ ኣባላት መጥፋእቲ ሓዊ 51 ኣረጋውያን ከም ዘድሓኑን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ቡቶም ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሰበ ስልጣናትን ወተሃደራትን ግቡእ ሓልዮ ይግበረሎም ምህላዉን ኣረዲኡ።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሪሻም | 5/6/26 | ጎደና ተጋደልቲ ቁ.20፡ ጥቓ ፋብሪካ ምስማር(ጎዳይፍ) | 181048 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565